መበል 34 ዓመት ቁ.6 ቀዳም 7 መስከረም 2024 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 3
ኣመዓባብላ ልምዲ 'ሓይሊ ዝህብ ኣፋውስ' ኣብ ስፖርት!

ገጽ 4
ውሕልነት ካብ ጎርቤት....

ገጽ 6
ብምኽልካል ዝግበር ምውዕዋዕ

ገጽ 8
ዳግመ-ምህዞ ልምዓት ኣፍረቓ


ገጽ 11
ቻይና - ዩኤል፡ ግልያ ኣንበሳ ዓቐብ ዓቐብዋ


# ብኣባላት ማ.ም.ቀ.ዙ.ሃ/ኣገልግሎት ዝተወደበ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ተዛዚሙ





ስእሊ. ዮውሃንስ መብራህቱ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ብኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ቀዳማይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ተወዲቡ - ሎሚ ዓመት ክራማት ንሳልሳይ ግዜኡ ዝተኻየደ ደገፍ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ፡ ንበሉጻት ብምሽላም ብ31 ነሓሰ ተዛዚሙ።

ኣብ'ቲ ዕድመ ዝተገብረሎም ሰበ-ስልጣን መንግስትን ግንባርን ከምኡ'ውን ወለዲ ዝተረኽብሉ ናይ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት፡ ኣቦ-መንበር ማሕበር ምትሕግጋዝ ቀዳማይ ዙርያ ኣቶ ጀማል ሳልሕ፡ ቀንዲ ዕላማ ናይ'ቲ መደብ፡ ማሕበራዊ-ቁጠባዊ ጸገማት ከምዘለዎም ዝተለለዩ ተመሃሮ ንምሕጋዝ ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ኣቦ-መንበር ኮሚቲ ክረምታዊ ትምህርቲ ኣቶ ኣስመሮም በረኸት ድማ፡ እዚ ኣብ ክራማት 2022 ኣብ ቤት-ትምህርቲ ዶጋሊ ብ405 ተመሃሮ ዝፈለመ መደብ፡ ሎሚ ዓመት ኣብ 12 ናይ መባእታ ኣብያተ-ትምህርቲ - ብድምር ን2,215 ካብ 2ይ ክሳብ 5ይ ክፍሊ ንዝመሃሩ ከምእተዋህበ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ሓለቓ ጠቕላሊ ስታፍ ሚኒስትሪ ምክልኻል ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮውሃንስ፡ ንኣገዳስነት ናይ'ቲ መደብ ድሕሪ ምጥቃስ፡ ኩሎም ዝምልከቶም ተግባርቲ ኣካላት - እቲ መደብ ቀጻልነት ክህልዎ ኣበርክቶኦም ከዕዝዙ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መደምደምታ፡ ካብ ኻልኣይ ክሳብ ሓምሻይ ክፍሊ ብልጹ ነጥቢ ዝመዝገቡ ተመሃሮ ሽልማት፣ እቲ መደብ ክውን ክኸውን ንዝጸዓሩ መማህራንን ኣብያተ-ጽሕፈት ትምህርቲ ንኡሳን ዞባታትን ድማ ወረቐት ምስክር ተዋሂሉ።

# ኣብ ወርሒ ነሓሰ ኣብ ዝበዝሐ ክፋላት ሃገርና ጽቡቕ ዝርጋሐ ዝነበሮ ዝናብ ዘኒቡ

ሎሚ ዓመት ኣብ ዝሰፍሐ ክፋላት ሃገርና ጽቡቕ ዝርጋሐ ዝነበሮ ንብርን ልዕሊ ንብርን ዝናብ ከምዝዘነበ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ሚኒስትሪ ሓላፊ ሕርሻዊ ሚትዮሮሎጂ ኣቶ ተኸስተ ወልደገብርኤል፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ነሓሰ ካብ 139 ነቑጣታት መዐቀኒ ዝናብ ብምስረት ዝተረኽበ ጸብጻብ፡ 73 ሚእታዊት ልዕሊ ንብር፣ 19 ሚእታዊት ንብር፣ 9 ሚእታዊት ድማ ትሕቲ ንብር ከምዝዘነበ ገሊጹ።

ካብ 12 ክሳብ 17 መዓልታት ብዘወቐዐ ዝናብ፡ ሕርኸክ 632፡ ዳሰ 560.5፡ መንደፈራ 533.7፡ ደራብሽ 476.1፡ ሻምቡቆ 437.6 ሚሊ-ሚተር ብምርካብ፡ ብዝለዐለ ደረጃ እተን ዝለዓለ ዝናብ ዘመዝገባ ነቑጣታት ከምዝኾናኦውን ኣረዲኡ።

እተን ዝተሓተ ዝናብ ዘመዝገባ ነቑጣታት ከኣ፡ ካብ ሓደ ክሳብ ክልተ መዓልታት ብዘወቐዐ ዝናብ፡ ኣብ ሓስመት 37.9፡ ግራት 31.5፡ ቆሓይቶ-ሰፈራ 26.5፡ ጋድም-ሓሊብ 21፡ ግርማይካ 22 ሚሊ-ሜተር ከምዝረኸባ ኣቶ ተኸስተ ሓቢሩ።

ካብ ወርሒ ሰነ ክሳብ ወርሒ ነሓሰ ዝለዓለ መጠን ዝናብ ካብ ዘመዝገባ ነቑጣታት፡ ሕርኸክ፡ መንደፈራ፡ ዳሰ፡ ባረንቱን ዓዲ-ኳላን ኮይነን፡ ካብ 693 ክሳብ 953 ሚሊ. ሜተር ዝዓቐኑ ዝናብ ተመዝጊበወን ኣሎ።

(ተወሳኺ ሓበሬታ - ኣብ ገጽ 7 ኣሎ)

# ምም/ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ኣብ መደባት ቀዳማይ መንፈቕ ገምጋም ኣካይዱ

ምምሕዳር ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ምስ ህዝቢ፡ ሓይልታት ምክልኻልን መሓውራት መንግስትን ተወሃሂዱ ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ ዝተግበሮም መደባት ብምግምጋም፡ ምምሕዳራዊ ኣገልግሎት ንምስፋሕ፣ ከምኡ'ውን ንመደባት ልምዓት ድርኺት ንምፍጣር ክወሰዱ ኣብ ዘለዎም ስጉምቲታት ዘተኮረ ኣኼባ - ብ29ን 30ን ነሓሰ ኣብ ባረንቱ ኣቃኒዑ።

ኣብ'ቲ ሓለፍቲ ክፍልታትን ጨናፍርን፡ ኣመሓደርቲ ንኡሳን ዞባታት፡ ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ ሓለፍትን ወከልትን ባይቶን ግንባርን ካልኦት መሓውራት መንግስቲን ዝተረኽብሉ ኣኼባ፡ ኣብ ጽላት ሕርሻን መሬትን፡ ህንጻዊ ልምዓት፡ ስታትስቲክስን ጂኦግራፊያዊ ስርዓት-ሓበሬታን፡ ባህልን ስፖርትን ንግድን ሰንዓን ዝተተግበሩ መደባት፡ ምስናይ ዝበሩ ብድሆታት ክቐርብ እንከሎ፡ ተራ ህዝብን ሓይልታት ምክልኻልን ልዑል ምንባሩ ተገምጊሙ።

ትግባረ መደባት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ከም'ቲ ትጸበት ዝተገብረሉ'ኳ እንተዘይነበረ፡ ልዕሊ 14 ሽሕ ሄክታር ብህዝባዊ ማእቶት ሳላ ዝተፈወሰ፡ 65 ሚእታዊት ካብ'ቲ ክዕመም ዝተወጠነ መደብ ከምእተተግበረ፣ ልዕሊ 272 ሽሕ ሄክታር ተዘሪኡ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ከምዝርከብ፣ መሰኖጊታትን ከዘንቲ ማይን እኹል ትሕዝቶ ስለዘዋህለሉ ጥሪት ጽቡቕ ከምዘለዋ፣ ከምኡ'ውን ኮማዊ ኣበርክቶ ኣብ ምምሕያሽ ብቕዓት ትምህርትን ኣገልግሎት ሕክምናን ልዑል ምህላዉ ተገሊጹ።

እቲ ገምጋም፡ ንትግባረ መደባት ኣብ ካልኣይ መንፈቕ ድርኺት ዝፈጥርን ድኽመታት ንምእላይ ክወሰዱ ዝግብኦም ስጉምትታት ዘጽርን ምኻኑ ዝጠቐሰ ኣመሓዳሪ ዞባ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ፡ ምስ ዘሎ ትሰፋው ክራማት 95 ሚእታዊት ካብ'ቲ ክሕረስ ዝተወጠነ ስፍሓት ምዝርኡ ኣተባቢዑ፡ ብምኽኑ ክሳብ ኣብ ፍረ ዝበጽሕ ዕቱብን ወሃደን ምክትታልን ጻዕርን ክቕጽል ተላቢዑ።





# ዜና

## ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ዕዉት ወፍሪ ምግራብ ተኻዪዱ


ስእሊ ፡ ኣንዱንያ ገብረማርያም

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ሎሚ ዓመት ክረምት ክግረብ ካብ ዝተዳለወ ፈልሰታት፡ ብልዑል ተሳትፎ ህዝቢ፣ ሰራዊትን ወፍሪ ክረምታዊ ልምዓትን እቲ ዝበዝሐ ከምዝተተኽለን - ብሓፈሻኡ ዕዉት ወፍሪ ምግራብ ከምዝተኻየደን ተሓቢሩ።

ወኪል በዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘሮዓምን ኣቶ ተኽስተ ክፍለማርያም፡ ምምሕዳር ዞባ ምስ ኩሎም መሓውራቱ ምስ ቀዋምነታቱ ሰሪሑ ሳላ ዝሰርሓሉ፡ ካብ ዝተዳለወ ልዕሊ 900 ሽሕ ፈልሰታት እቲ 810 ሽሕ ከምዝተተኽለ ገሊጹ።

ካብ'ቲ ዝተዳለወ፡ እቲ ኣስታት 700 ሽሕ ብምምሕዳራት ንኡሳን ዞባታት፣ ዝተረፈ ድማ ብወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት፡ ሓይልታት ምክልኻልን ውልቀ ገረብትን ከምዝተተኽለ፣ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ሎጎ-ዓንሰባ፡ ኣቑርደት፡ ሻምብቆ፡ ባረንቱ፡ ተሰነይን ጎልጅን ተዋፊሮም ዘለዉ ተመሃሮ ድማ - ኣስታት 115 ሽሕ ፈልሰታት ከምዝተኸሉ ብዘወሃኸ ኣረዲኡ።

ብደረጃ ዞባ ኣብ ወፍሪ ክረምታዊ ልምዓት ዝተዋፈሩ ልዕሊ 4 ሽሕ ተመሃሮ፡ ኣብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ምግራብን፤ እዚ ምዕራብ ጨንፈር ቦል-መዚ መጓዓዝያ ምድሪን ሰብዱጋን ከኣ - ኣብ ምግዕዓዝ ፈልሲ ዕዙዝ ኣበርክቶ ከምዘበርከቱ ሓቢሩ።

## ድባርዋ - ተራ ኮማዊ ፖሊስ ኣብ ምዕዛዝ ተዘትዩ


ስእሊ ፊልሞን መሓሪ



ሕብረተሰብ ኣብ ከባቢኡ ክሽምገል፡ ክመሓደር፡ ንኸሰቱ ክርክራት ብዕርቂ ከደቅስ፡ ከምኡ'ውን ሰላምን ጸጥታን ከባቢኡ ክውሓስ ዓቢ ቀሊሕታ ተዋሂቡ ደስራሕ ከምዝበሉ፡ ተራ ኮማዊ ፖሊስ ንምዕዛዝ ብ27 ነሓሰ ኣብ ድባርዋ ኣብ ዝተቓነዐ ርክብ ተገሊጹ።

ኣብ'ቲ መሪሕቲ ሃይማኖት፡ ዓበይቲ ዓዲን ኣባላት ኮማዊ ፖሊስን ዝተሳተፍዎ ርክብ፡ ኣብ ንጥፈታት ኮማዊ ፖሊስ ዝበረ ድኽመት ተኣሪሙ፡ ዝበለጸ ወጽኢት ንምርግጋጽ ዝዓለመ ዘተ ተኻዪዱ።

ኣዛዚ መደበር ፖሊስ ንኡስ ዞባ ድባርዋ ኣቶ ብእምነት ክብሮም፡ ኣብ ወርሒ ነሓሰ 2023 ዝቖሙ ኣባላት ኮማዊ ፖሊስ ዘሰላሰልዎ ንጥፈታት፡ ከምኡ'ውን ዝተመዝገበ ገድላትን በደላትን ዝምልከት ዝርዝራዊ ጸብጻብ ኣቕሪቡ።

ተሳተፍቲ ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ዓዲ ፈልስቲን ደቂጹንሪን ኣቑጣ ፖሊስ ክኽፈት፣ ንኣባላት ኮማዊ ፖሊስ ኣብ ስራሖም ዘሕግዞም ስልጠናታት ብቐጻሊ ክውደብ ተላቢዮም።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ኣሰፍሃ ተኸለማርያም

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.200454-07121322

**ምልክታ**
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳጶ. 1284


## ማእከል - ኣብ ንኡስ ዞባ ጎዳይፍ ንጽጉማት ሓገዝ ተገይሩ

ኣብ ዞባ ማእከል - ንኡስ ዞባ ጎዳይፍ፡ ን20 ስድራ ስውኣትን ጽጉማትን ገዝባዊ ሓገዝ ተገይሩ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ወጻኢ እትቕመጥ ወ/ሮ ኣበባ ምሳየና ዘወፈየቶ 20 ሽሕ ናቕፋ፡ ነተን ስድራቤታት ተመቓሪሉ።

ኣመሓዳሪት'ቲ ንኡስ ዞባ ወ/ሮ ትብለጽ ተወልደ፡ ብስም ነበርቲ ንኡስ ዞባ ጎዳይፍ ምስጋና ድሕሪ ምቕራብ፡ ንስድራ ስውኣትን ጽጉማትን ምሕብባብ ንመንግስቲ ጥራይ ዝግደፍ ስለዘይኮነ፡ ኩሉ ዓቕሚ ዘለዎ ዜጋ ኣበርክቶ ክገብር ኣተሓሳሲቡ።

ሓላፊት ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ወ/ሮ ይብራሃለም የዕብዮ ድማ፡ ሓገዝ ዝረኸባ ስድራቤታት ብምምሕዳራት ከባቢ ዝተለለያ ምዃነን ኣረዲኣ።


ስእሊ የውሃንስ መብራህቱ

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## ኣመዓብብላ ልምዲ ‘ሓይሊ ዝህብ ኣፋውስ’ ኣብ ስፖርት!



ዝሓለፉ ወርሓት ሓምለን ነሓሰን 2024፡ ህዝቢ ዓለም ብዙሕ ተጸቢት ዝጽበየሉ - ዓመታዊ ዝኻየድ ‘ቱር ፈረንሳ’ ቅድድም ብሽክለታን ዳርጋ ኩለን ሃገራት ዝሳተፋሉ ውድድራት ኦሎምፒክስን ኣሳንጊዱ፡ ብደረጃ ኣህጉር ዝዓበየ ዝበዝሐ ስፖርታዊ ቅንያት ከም ምኻኑ፡ ስፖርተኛታት ሕድሪ ሃገሮም፡ ናይ ገዛእ ርእሶም ክብሪ ንምዕቃብን ከበድ ሓላፍነት ተሰኪሞም ዝኣትወሉ ቅንያት እዩ።

ቅድሚ ውድድራት፡ ኣብ ግዜ ውድድራትን ድሕሪ ውድድራት ከኣ፡ ብ‘ዋዳ’ (WADA) ዓለማዊ ተቘጻጻሪ ወሰቢ ሓይሊ ኣፋውስ መርመራ ይገበረሎም። ኣበራታዒ መድሃኒት ከም ዘተጠቐመ ዝተረጋገጸሉ ተወዳዳራይ ድማ፡ ከም ዓይነት እቲ ዝወሰዶ ኣፋውስ - መቕጻዕቲ፡ ምኽርን ኣስተምህሮን ይወሃቦ። ኣብ ደሙ ወይ ኣብ ሽንቱ ዝተረኽበ ክልኩል ነገር፡ ኩነ ኢሉ ዝወሰዶ ክኸውን ይኽእል፣ ብዘይ ፍልጠቱ ብጌጋ ኣብ ኣካሉ ዝተረኽበ እውን ክኸውን ይኽእል።

ክልኩል ነገር ኣብ ደሙ ከም እተረኽቦ ዝተፈለጠ ተወዳዳራይ፡ ንቲ ውጽኢት ክብደሆን ከለዎ መብርሂ ናይ ክሓትትሉን ማሰል እውን ኣለዎ። ኣብ ናይ ለምዛበን ኦሎምፒክ ፓሪስ ውሑዳት ተወዳደርቲ ክልኩል ወሰብ ሓይሊ ከም እተጠቐሙ ተኸሲሶም ካብ ውድድራት ከምእተገለፉ ብዜና ይሰማዕ ነይሩ። ‘ዋዳ’ ኣብ 1999 ካብ ዝምስረት ንደሓር ክኻየድ ብዝጸንሐ ዕቱብ ክትትልን ኣስተምህሮን ብዙሕ ጥንቃቐታት ክውሰድ ጀሚሩ እዩ። ክልኩል ኣፋውስ ናይ ምጥቃም ልምድታት እኳ እናውሓደ እንተኸደ፡ ሓላሊፉ ንዘረአ ኣገዳሲ ረቛሒታት ስዉርን ዝኾነ ኣገባብ ንምፍሻል ድማ፡ ‘ዋዳ’ ሓደ ስጉምቲ እናቐደመ ኣገልግሎት ክህብ ጸኒሑ።

ቀዳማይ እናተባህለ ዝዝከር ኣትሌት፡ ወሰቢ ሓይሊ መድሃኒት ምውሳዱ ዝተፈልጠሉ - ኣብ 1904 ብዝተኻየደ ናይ ሓጋይ ኦሎምፒክ ምንባሩ ጸብጻባት የረድኡ። ‘ቶም ሂክስ’ ዝተባህለ ኣመሪካዊ ተወዳዳራይ ጉያ ማራቶን፡ ካብ ዓሰልጣኡ ዝተቐመመ ጸዕዳ እንቋቑሖን ውሑድ መጠን ስትሪክኒንን ዝተሓወሶ ኣልኮላዊ መስተ ብራንዲን እዩ ሰትዩ። ጉያ ምስ ወደአ ኸኣ፡ ወዲቑ ቀልቡ ኣጥፊኡ ብሓገዝ ሓያሎ ሓኪይም ክበራበር ምኽኣሉ ጸብጻባት ይሕብሩ።

ስትሪክኒን ስሚ ኣንጭዋ እናተባህለ ኣብ ጎደናታት ዝሽየጥ ሓያል ስሚ፡ ብዝኾነ ዓቐን ንሰብ ዝቕትል ሓደገኛ ስለዝኾነ፡ ብኣደኳ ክትንክፍ እውን ከምዘይብሉ ሓኪይም የረድኡ። ዓሰልጢኡ ሉቃስ፡ ኣብ መበል 35 ኪሎሜተር ምስ በጽሐ፡ ካብቲ ኣበራታዒ መስተ ከም ዘምግቦ ተኣሚኑ ነይሩ። ኣብቲ እዋን ዝቐጽዕ ሕጊ ኣይወጽአን ስለዘይነበረ፡ እታ ዝተዓወተላ ሜዳልያ ኣይተመንጠለን፡ ካብ ሞት ግና ንእሽቶ ሰሪሩ።

‘ውሑድ መጠን ኣልኮላዊ መስተ ምስ ዘይብስለ እንቋቑሖ ኣበራታዒ ክኸውን ይኽእል እዩ’ ዝብል እምነት ኣብ ስፖርት ዓለም እናሰረጸ ስለዝኸደ፡ ኣብ 1920 ኣብ ናይ በልጅዩም ከተማ ኣንትወርፕ ኣብ ዝነበረ ኦሎምፒክ፡ ኣብ ናይ 100 ሜትሮ ቅድድም ጉያ ዘወዳደር ዝነበረ ቻርሊ ፓዶክ ዝተባህለ ኣመሪካዊ፡ ጥሪ እንቋቑሖን ሽሪ ዝተባህለ ኣልኮላዊ መስተን በጸበጹ ብምስታይ ተቐዳዲሙ - ወርቂ ሜዳልያ ድማ ተሸሊሙ።

ብድሕሪዚ፡ ስትሪክኒን ሓደገኛ ምኻኑ እናተፈልጠ ስለዝኸደ፡ ሽፈጥ ዝፈትዉ ስፖርተኛታት እናገደፍዎ ከይዶም - ‘ኣምፈታሚን’ ዝተባህለ ኣነቓቓሒ ፈውሲ ክለማመዱ ጀሚሮም። እዚ ምዕባለታት እዚ ድማ፡ ነቲ ብቐንዕና ተወዳዲሩ ክስዕር ዝደሊ ወይ ነቲ እንተተሳዕረ እውን ምስ ጽኑዕ ሕልና ንገዛኡ ክምለስ ዝደሊ ስፖርተኛ ዓቢ ብድሆ ነበረ፡ እቲ ዝኸሰስ ሕልናኡ ጥሒሱ ብምትላል ሜዳልያ ክወስድ ዝደሊ ስፖርተኛ፡ ምስ ምዕባለ ፍርያት መድሃኒታት ዝፍጠሩ ሓደስቲ ዓይነታት ወሰብቲ ሓይሊ ክጥቀም ጀሚሩ።

ኣብ ምእታው 30ታት፡ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ቺካጎ ዝሰርሑ ክኢላታት ቅመማ፡ ናይ ተባዕታይ ጾታ ሆርሞን ቴስተስትሮን ክሆቦ ዝኽእል ሓይሊ ብመጽናዕቲ በጺሖምዎ ነይሮም። ስለዚ፡ ሰብ ሰርሖ (ሲንተቲክ) ቴስቴስትሮን ብምምስራሕ ኣብ ሰብ ተፈቲኑ። ቀጠንቲ መንእሰያት ንዋዲሕ ሰዓታት ድኻም ተጻዊሮም ኣካላዊ ምንቅስቓስ ክገብሩን ጭዋዳታቶም ክዓብዩ ከም ዘኽእልን ከኣ ተረጋጊጹ። ኣብ ዓለም-ለኻውያን ውድድራት ስፖርት ድማ፡ ምጥቃም ናይዚ ወሰቢ ሓይሊ ፈውሲ ብሕቡእ ደኣ ይኹን እምበር፡ ክልካሊ ሕጊ ክይወጽኡ ብፍኑው ንሓያሎ ዓመታት ክሰርሓሉ ጸኒሑ።

ኣብ 1952 ኣብ ኖርወይ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ክረምቲ ኦሊምፒክ፡ ሓያሎ ኣብ ናይ በረድ ሸታሕታሕ ዘውዳደሩ ኣትሌታት ስለዝሓመሙ ሕክምናዊ መርመራታት ተኻይዱ ነይሩ። ኣብቲ ዝዓረፉሉ ክፍልታት ከኣ፡ ዝተጠቐሙሉ ናይ ስሪንጋ መረፍእን ዝተሰበሩ መትሓዚ ኣፋውስ ኣምፈታሚን ተረኺቡ። ኣብቲ ሸው ዓመት ኣብ ሄልሲንኪ ርእሰ-ከተማ ፊንላንድ ኣብ ዝተገብረ ናይ ሓጋይ ኦሎምፒክ፡ ንመጀመርታ ግዜ ስፖርተኛታት ሕብረት-ሶቭየት ኣብ ኦሎምፒክ ተሳቲፎም ነይሮም። ኩብደት ክሰፍሰፉ እንከለዉ ዝርአ ዝነበረ መጠን ጉልበትን ንጥፉትን፡ ሓያሎ ክኢላታት ስፖርት ንምእማን ይጸገሙ ነይሮም። ኣበራታዒ ኣፋውስ ምጥቃም ናይ ሕልና ጉዳይ እምበር ክልኩል እውን ስለዘይነበረ እመን ወይ ኩሓድ ኢሉ ዘጥፍር ወገን ኣይነበረን።

ሓኪይም ስፖርት ምዕራባውያን ባዕላቶም ሰብ-ሰርሖ ተስተስትሮን ብምውሳድ ኣብ ዝገበርዎ መጽናዕቲ፡ ጭዋዳታት ከም ዘዕብዩ እኳ እንተኣረጋገጹ፡ ከም ጎድናዊ ሳዕቤን - ረጕድ ናይ ተባዕታይ ደምጺን ብቐሊል ናይ ምሕራቕ ባህርያትን ከም ዘስዕብ ተረዲኦም። ኣብ ጸኒ ዘርኢ ተባዕታይ ፕሮስቴት መዘዝ ክስዕብ ከም ዝኽእል ምስ ተፈልጠ እውን፡ ሊቃውንቲ ነቲ ጎድናዊ ሳዕቤን ፈልዮም ብምውጻእ፡ ጭዋዳ ዘዕብዩን ሓይሊ ዘውህብ ጥቕሚ ዘለዎን ፈውሲ ክሰርሑ በቒዖም።

እዚ ዲያናቦል ኢሎም ዝሰመይዎ ኣበራታዒ ፈውሲ፡ ኣብ ምሉእ ዓለም ተፈላጥነት ስለዝረኸበ ኣብ 50ታትን 60ታትን ዳርጋ ዘይተጠቕመሉ ኣትሌት ወይ ስፖርተኛ ኣይነበረን ክበሃል ይኽእል።



## ‘ዋዳ’ ንኽምስረት ዘገደደ ምኽንያትን ኣጋጣሚን

ወሰብቲ ሓይሊን ኣበራታዕቲ ኣፋውስን ተጠቒሞም ኣብ ልዕሊ ካልኦት ተወዳደርቲ በለጹ ክረአ ዝደልን ሽልማት ክወስድ ዝፍትንን ተወዳዳራይ፡ ከም ተበላጺ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብስነ-ምግባር እውን ከም ሽፋጢን በዳልን ክጽዋዕ ይኽእል። እንተኾነ፡ ኣብ ሓያሎ ሃገራት ዝሰማዕ ዝነበረ ተቓውሞ ጥርኑፍ ስለዘይነበረ፡ ንምጥቃም ኣበራታዕቲ ኣፋውስ ዝኽልክል ሓደ ቀዋሚ ዓለም-ለኻዊ ሕጊ ክይወጽአ - ንሓያሎ ዓመታት ቀጺሉ። ኣውራ ድማ፡ ኣብ ጥዕና ዘስዕቦ መዘዝ እናተጋህደ ምስ ከደ፡ ብሕጊ ክኽልከል ዝደፋፍእ ጻውዒት እናበዝሐ ከይዱ።

ኣብ 1967 ኣብ ዝተኻየደ ቱር ደ ፍራንስ፡ ብሓፈሻዊ ነጥቢ ዘመርሕ ዝነበረ ብሪጣንያዊ ጋላባይ - ቶሚ ሰምፕሶን፡ እምባ ቬንቶ እናደየበ እንከሎ ብቐጥታ ብዝለሸኸሾ ኣብ ዝመሓላለፈሉ ዝነበረ ግዜ ዘልኣጥ ኣሉ ክወድቕን ክመውትን እንከሎ ተራእዩ ነይሩ። ድሕረ-ሞት ኣብ ዝተገብረሉ መርመራ ኸኣ፡ ዓይነቱ ዝተፈላለየ በይኑ ኣምፈታሚን መበራትዒ ኣብ ደሙ ተረኺብዎ። ኣብ 1968 እውን ከምኡ፡ ዩቨስ ሞቲን ዝተባህለ ተቐዳዳማይ ብዝንደቦ ድሕሪ መማቱ ኣብ ዝተገበረሉ መርመራ፡ ኣብ ደሙ ኣምፈታሚን ጸኒሑዎ።

ብድሕሪ እዚ፡ ኣበራታዕትን ወሰብቲ ሓይሊን ኣፋውስ ክእገዱን ዝተጠቕመ ተወዳዳራይ ክቕጻዕን፡ ኣህጉራዊ ፈደረሽን ኣትሌቲክስ (ያፍ) ክጽውዕ ጀሚሩ። ኣብ ከተማ ሜክሲኮ ንዓለም-ለኻዊ ቅኑ ስፖርት ምድላዋት እናተኻየደ እንከሎ፡ ያፍ ተወዳደርቲ ክምርመሩ ኣዘዘ። ኣብቲ መጸኸር ውድድራት ከኣ፡ ብዙሕ ዝዓይነቱ ወረታት ይዝርጋሕ ነበረ። ጀርመናውያን፡ ኣብ ሃገራት ቀይሕ ባሕሪ ዝበቅል ‘ጫት’ ዝተባህለ ኣዝዩ ብርቱዕ ወሰብ ሓይሊ (ስቴሮይድ) ይጥቀሙ ከም ዘለዉ ይዕለል ምንባሩ ጸብጻባት የረድኡ።

ጫት ወሰብ ሓይሊ እውን ኣይኮነን፡ ዘበራትዕ እውን ኣይኮነን፡ ካብ ሓቂ ወጻኢ ዝኾነ ‘ዘኸይዱ’ ዕላላት ኣብ ሓንጎልካ እናፈጠርካ በይንኻ ከተዕልል ጥራይ ዓዚሙ ዝሕዞካ ኣወላፊ ቈጽሊ ምኻኑ እዩ ዝፍለጥ። ያፍ ዘቖማ ኮሚቲ፡ በቲ ሸው ዝነበረ ዓቕሚ መርመራ ተካይድ ነይራ። ናይ ሸው ዓቕሚ ሕክምና ክረኽቦም ዘይክእሉ - ኣፋውስ ዝወሰዱ ድማ ከይተፈልጡ የምልጡ ነይሮም። በራ ንመረሳሲ ኢሉ ዝሰተየ ተወዳዳሪ እውን ብመርመራ ሽንቲ ተፈሊጡ ተሰጒጉ ነይሩ።

ዝጠዝሕ ኣበራታዕን ወሰብ ሓይሊን ደርኩብ እኳ እንተነበረ፡ ኣናቦሊክ ስቴሮይድ (ሰብ ሰርሖ ሆርሞን) ኣብ ደም ተወዳደርቲ ከምዝለዉ ዘጸሮ መሳርሒ ክይተማህዘ ንሓያሎ ግዜ እዩ ጸኒሑ። እቲ ኣብ ጥዕና ሃሳዪ ዝኾነ እናተረፈ፡ ብቐሊል መርመራ ክርከቡ ዘይክኣሉን ብዙሕ ጉድኣት ዘይብሎምን ከም ስቴሮይድስ (ሰብ ሰርሖ ሆርሞናት) ከኣ እናተለምዱ ከይዶም። ኣብ ዓለም-ለኻዊ ስፖርታዊ ግጥማት ብዙሕ ጋህዲ ዘወጽእ ብልሽውና እናሳዕረረ ብምኻዱ፡ ንኹለን ሃገራት ብሓደ ሕጊ ዝጥርንፍ ኣካል ምምስራት ኣገዳሲ እናኾነ ከይዱ።

ኣብ 1998 ዝነበረ ቱር ደ ፍራንስ ቅድድም ብሽክለታ፡ ምጥቃም ኣበራታዒ መድሃኒት ኣብ ዝለዓለ ጥርዚ ዝበጽሓሉ ግዜ እዩ ነይሩ። እቲ ውድድር ቅድሚ ምጅማሩ፡ ኣብኡ ትሳተፍ ኣብ ዝነበረት “ፈስቲና” ኣብ ናይ ዝተባህለት ጋንታ መኪና፡ ከበድ ጽዕነት ወሰቢ ሓይልን ኣበራታዒ ኣፋውስን ተታሒዙ። ነታ ጋንታ ኣብ ምምርማር ተጸሚዱ ዝነበረ ሓይሊ ፖሊስ፡ “ቲቪኤም” ኣብ ዝተባህለት ጋንታ መለሱ ካልእ ጽዕነት ክልኩል ኣፋውስ ረኺቡ። ኣብ ካልኦት ሓያሎ ጋንታታት፡ ብትካላዊ ኣገባብ ሰፊሕ ዕደላ ወሰቢ ሓይሊ ኣፋውስ ክካየድ ከም ዝጸንሐ ኸኣ ተረጋጊጹ።

ጋንታታት ኣብ ዘዕርፋሉ ሆቴላት ኣብ ዝተገበረ ተፍቲሽን ብጥሮታ ዝተገለፉ ናይ ቀደም ተወዳደርቲ ካብ ዝሃብዎ ቃልን ሰፊሕ ሓበሬታ ተኣኪቡ። ብሰንኪ እዚ ካብ ስነምግባር ወጻኢ ኣሰራርሓ እዚ ድማ፡ ሓያሎ ጋንታታት ካብ ቱር ደፍራንስ እናሰሓባ ናብ ዓደን ክዕድማ ተራእየን።

እቲ ሸው ዝተፈጥረ ኩነታት፡ ክሳዕ ሕጂ “ጉዳይ ፈስቲና” እናተባህለ ይጽዋዕ ኣሎ። ምስ ጉዳይ ፈስቲና እምበኣር፡ ሓደ ስልጣን ዘለዎ ዓለም-ለኻዊ ተቘጻጻሪ ወሰብቲ ሓይሊ ኣፋውስ ነምስረት ግድን ኰይኑ። ኣብ 1999 ከኣ ‘ዋዳ’ (WADA) ተመስሪቱ።





# ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጀምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቐምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ውሕልነት ካብ ጎሮቤት....



ኣማኻሪ፤ ሄለው፣ ናብ ሃማመተኤ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ደዊልኩም ኣለኹም።

ደዋሊ፤ እወ ናባኹም ደልየ'የ ደዊለ።

ኣማኻሪ፤ ጽቡቕ፣ ስምካ፡ ዕድሜኻን ትድውለሉ ዘለኻ ቦታን ዶ ምሓበርካኒ?

ደዋሊ፤ ተስፋይ እብሃል። ዕድመይ 48 ዓመት፡ ካብ ኣስመራ ድማ'የ ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪ፤ መርሓባ ተስፋይ። መደወሊኻ ጉዳይ ዶ ምሓበርካኒ?

ደዋሊ፤ ብዓልቲቤተይ ኣብ ሓዳር ምሕጋዝ ኣብያትኒ።

ኣማኻሪ፤ ገለጽ፡ ብዛዕባ ሓዳርኩም ምገለጽካለይ?

ደዋሊ፤ ሕራይ ጽቡቕ። ካብ እንምርዖ ዓሰርተ ሰለስተ ዓመት ገይርና ኣለና። ኣርባዕተ ቈልዑ ድማ ወሊድና። እዚ ኹሉ ዓመታት ግን፡ ወላ ወላ ለውጢ ዝብሃል የብላን። ከም ዘይንበር የለን ንነብር ኣለና።

ኣማኻሪ፤ ብዓልቲቤትካ ክትልወጠሉ ትደለዮ ዘለኻ ጉዳይ ዶ ምገለጽካላለይ?

ደዋሊ፤ ጽሬት ናይ ገዝኣ ይኹን ናይ ቈልዑ የብላን መግቢ ከምቲ ዝድለ ጽቡቕ ኣይትሰርሕን፡ ካብ ጐረባብታ ኣይትመሃር፡ ልዕሊ ኩሉ ድማ እንተ መዓድክዋ ትኹሪ።

ኣማኻሪ፤ ምስዚ ኩሉ ትብሎ ዘለኻ ባህሪ ንዓሰርተታት ዓመታት ጸኒሕኩም፡ ኣርባዕተ ቈልዑ'ውን ወሊድኩም። እንታይ ሓድሽ ነገር ስለ ዝተረኽበ'ዩ ደኣ ሕጂ ዘዛርብ ኮይኑ። ማለተይ ሓድሽ ድዩ ዋላ ዝነበረ ባህርያት'ዩ?

ደዋሊ፤ እዋእ፡ ካብ ንምርዖ እምበር። ሕጂ ግን ክሳብ መዓስ'የ ከምዚ ኢለ ክነብር ኢለ ሕርብት ስለ ዝበኒ'የ ናባኹም ደዊለ። ገለ መፍትሒ እንተ ረኺብኩ።

ኣማኻሪ፤ ኣጆኻ። መፍትሒ ብሓባር ክንላዘበሉ ኢና። ኩነታት መነባብሮኹም ከ ከመይ'ዩ? ብኸመይ ትናበሩ?

ደዋሊ፤ ኣነ ምሩቕ ናይ ዩኒቨርስቲ ኮይነ፡ ብደሞዝ ናይ መንግስቲ እየ ዝነብር። ተወሳኺ ናይ ጉልበት ስራሕ እንተ ረኺበ ኸኣ፡ እፈታትን'የ። ስድራይን ስድራኣን'ውን፡ ሓቂ ይሓይሽ፡ ኣብ ኣውደኣመታት ይሕግዙና'ዮም። ኣብ ሓንቲ ክፍሊ፡ ክራይ ገዛ፡ ኢና ንነብር። ናብራ ደሓን ኢና፡ ጸምና ኣይሓደርናን።

ኣማኻሪ፤ ብዓልቲቤትካ ካብ ስራሕ ገዛ ወጻኢ ተወሳኺ ትሰርሕ ድያ?

ደዋሊ፤ ያእ፣ ኣይፋላን ኣይትሰርሕን።

ኣማኻሪ፤ ኣብቲ ዘለኹሞ ገዛ ካልእ ተቐማጦ ኣለው ድዮም?

ደዋሊ፤ ክልተ ሰብ ሓዳር ምስ ደቆም ኣለው። ኩልና ድማ ተኻሪይቲ ኢና።

ኣማኻሪ፤ ባህርያት ብዓቲቤትካ ንምምሕያሽን ንምልዋጥን ዝገበርካዮ ተበግሶ እንታይ ኣሎ?

ደዋሊ፤ ካብ ስራሕ ቀልጢፈ ኣትየ፡ ደቀይ ኣብ ዝተማህርዎ ኣረድኦም፡ ጽሬቶም እከታተል፡ ማይ እወርድ፡ እኽሊ ኣጥሕን፡ ኣስቤዛ ምምጻእን ካልእ ልኡኻትን ኣማልእ። እንተ ተማህረት ኢለ ድማ ኣብ ጐረባብትና ዘለዋ ወሓላሉ ኣንስቲ ክትመሃር ከም ትኽእል እሕብራ'የ።

ኣማኻሪ፤ ሕራይ ተስፋይ፡ ሓዳርኩም ክማሙቕ ኢልካ ንብዓልቲቤትካ ምሕጋዝካ ኣዝዩ ዝነኣድ'ዩ። ምኽንያቱ፣ ሓዳር ከምዚ ትገብሮ ዘለኻ ተማላሊእካ'ዩ። ካብ ጐረባብቲ ዘለዋ ኣንስቲ ክትመሃር ከም ትሕብራ ነገርካኒ። ከምኡ ብምባልካ እንታይ ተሰሚዕዎ ይኸውን? ምኽንያቱ፡ ዝኾነ ሰብ ብድኻማቱ ኣወዳዲርካ ክትገልጾ ጽቡቕ ዝስመዖ ኣይመስለንን። ከምኡ ክትብላ እንከለኻ፡ እንታይ ሜላ ተጠቒምካ ትኸውን?

ደዋሊ፤ ኣነ ዓቕመይ ዘፍቅዶ፡ ጋዜጣታት ከተንብብ፡ ብዛዕባ ናይ ኣሰራርሓ መግቢ መጽሓፍቲ ክትርእን ንደቅና ይኹን ንገዛ ብጽሬት ክትሕዝን እመኽራ ነይረ። 'ኣይሚዒድካ ልቢ ኣይመዊጽካ ስኒ' ድኣ ኮይኑ እምበር። መምሊሳ ትርበሽ፡ ምእላይ ቈልዑ ዓቕላ የጽብበላ። ብኣፋ ዋላ ኣይተውጽኦ፡ ስለ ዝዕዘባ ከረድኣ እፍትን። ሰብ ክእለት እንተ ጉዲልዎ ካብ ሰብ ይመሃር'ዩ። "ብዓል ክስቶ'ውን፡ ወሓለታት ስለ ዝኾና ካብኦተን ተመሃሪ፡" ኢለያ።

ኣማኻሪ፤ ዝኸበርካ ተስፋይ፡ ንሳኸ ነዚ ትብሎ ዘለኻ ድኽመታት ትኣምነሉ ድያ?

ደዋሊ፤ ንሱ እንድዩ ዘሕዝነኒ ዘሎ። እንተ ትኣምነሉ ደኣ ምተለወጠት ኮይኑ ይስመዓኒ። "ናብራ ስለ ዝኸበደና'ዩ፡" እያ ትብል። ኣይኮነን ክትመሃር፡ ናብ ጐረባብቲ ብዙሕ ክትቀርብ'ውን ኣይትደልን'ያ። ቡን'ውን፡ መብዛሕትኡ ግዜ፡ ንበይና ወይ ምሳይ ጥራይ'ያ ክትሰቲ እትደሊ።

ኣማኻሪ፤ እሞ፡ ክብደት ናብራ ከጸግማ ዝኽእልዶ ይመስለካ? ገለጽ ብዛዕባ ድሕረ-ባይትኣ ምሓበርካኒ? ማለተይ ዝዓበየትሉ ስድራን ደረጃ ትምህርታን ከመይ ይኸውን?

ደዋሊ፤ እሞ፡ ናብራ እንተ ኸቢዱ ክትነፍዕን ክተከናውንን ድዩ ዝግበኣ ክትደክም? ኣብ ከባቢ ኣስመራ ካብ ዝርከባ ዓድታት፡ ብሕርሻን ናብርኦም ዝመርሑ ወለዲ'ያ ዓብያ። ትምህርታ'ኳ ሻምናይ ክፍሊ ምስ በጺሐት ኣቋሪጻቶ'ያ። ዕድመ'ውን ኣይነኣሰትን 37 ዓመት ኣቢላ ትገርብ'ያ።

ኣማኻሪ፤ እዘን ኣብ ሓዳር ዝጸናሕኩሙለን ዓመታት ደኣ ብኸመይ ሓሊፉ?

ደዋሊ፤ እዋእ! ኣነ ደኣ "ክትመሓየሸ'ያ" "ክትነፍዕ'ያ" እናበልኩ ኢደይ እናሓወስኩ ጸኒሐ።

ኣማኻሪ፤ ድኻማት ብዓልቲቤትካ እናርኣኻ ኢድካ ኣጣሚርካ ዘይምርኣይካ ጽቡቕ ተግባር'ዩ። ሕጂ ብዓቕሊ ጽበት ክትድውል ዝገደደካ ቀንዲ ምኽንያት እንታይ ኮይኑ ይስመዓካ?

ደዋሊ፤ እዚ ሕጂ ናባኹም ዘደወለኒ ሓሳባት ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ዝመጽኣኒ ዝነበረ'ዩ። ሓድሽ ነገር የብሉን። ኣነ ግን ቃልኪዳን ክቡር'ዩ ኢለ ክቃለስ ስለ ዝጸናሕኩን ዘለኹን'ዩ። ንበይነይ ካብ ዝቃለስ፡ ገለ ምኽሪ እንተ ረኸብኩ ኢለ'የ ናባኹም ደዊለ።

ኣማኻሪ፤ እስከ ተወሳኺ መብርሂ ስለ ዝደለኹ፡ ሕቶታተይ ክቕጽል እየ። ዝቐቀርብኣን ክሕግዝኣ ይኽእላ'የን ዝብሃላ ሰባት ሓቢርካላዶ ትፈልጥ?

ደዋሊ፤ ብብዙሕ መንገድታት'የ ፈቲነ። ቅድም ንኣዝየ ዝፈትዋ ሓብታ'የ ሓቢረላ። ኣብ መጀመርታ ክትሸፍኖ ፈቲና ደሓር ግን፡ ከምኡ ድኽምቲ ምዃና ኣይከሓደትን። ንሳ ክሳብ ትምርዖ፡ ዓቕማ ዘፍቅዶ እናመጽኣት ትሕግዘና ነይራ። ሕጂ ግን ካብ ትምርዖ ድሮ'ኳ ሰለስተ ዓመት ኮይኑ ብዙሕ ኣይትመጽኣናን እያ። ኣደ ቈልዑ ኮይና። ኣስዒበ'ውን ንኽሊቲኣን ጐረባብትና ሓቢረላ'የ፣ ንሳተን'ውን ካባይ ሓበሬታ ዝደልያ ኣይነበራን። "ኩሉ ንፈልጦ ኢና፡ ኣኻእሎ ጥራይ ይሃብካ፡" ኢለናኒ። ኣብ ክንዲ ትቐርበንን ካብአን ትመሃርን ግን፡ መሊሳ ክትደሃልን ክትርበሽን ጀሚራ። ብዝተኻእላ መጠን ኣብኣን ከይተሓወሰትን ናብኣን ከይቀረበትንን'ያ ትነብር ዘላ። ኣነ ኸኣ ለውጢ ደልየ። ሓንሳብ ሓንሳብ ሕርብት ይብለኒ'ሞ፡ ዓቕለይ ይጸበኒ።

ኣማኻሪ፤ ንዘለካ ጾር ንምቅላል ተራ ደቅኹም ከመይ ክኸውን ይኽእል ትብል? ኣብ ስራሕ ገዛ ምሳኹም ተሳትፎም ዶ ትኾኑ?

ደዋሊ፤ ናይ ደቀይ ሓዲግካ ተዛረብ፣ ብኦኦም ሕጉስ እየ። "ጸድፊ ይፈጥር'ሞ፡ መደያይቦ ይገብረሉ" ከም ዝበሃል እታ በኹሪ ጓልና ዓሰርተ ሓደ ዓመት ገይራ ኣላ። ኣብ ስራሕ ገዝኣ ይኹን ኣብ ትምህርታ ንፍዕቲ'ያ። እቶም ምንኣሳ ኸኣ ኣሰር ኣሰራ እናሰዓቡ ይሕግዙ'ዮም። ብደቀይሲ ዕጉብ'የ።

ኣማኻሪ፤ እዚ'ውን ሓደ እወታዊ ነገር'ዩ። ደቅኻ፡ ልቢ እናሰኹዑ ይመጽኡ ስለ ዘለው ድማ ጉድለት ገዝኦም ክረኣዮም ስለ ዝኽእል ዘያዳ እናሓገዙ ክኸዱ ይኽእሉ'ዮም። ነቲ ካብ ብዓልቲቤተይ ጉዲሉኒ ትብሎ ዘለኻ፡ ድሮ እኳ ክምልኡልካ ጀሚሮም ኣለው። ብዛዕባ ብዓልቲቤትካ ግን፡ ምናልባት እቲ ዝተጠቐምካሉ ሜላ ሓጋዚ ዘይኮነ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ጽቡቕ ነገር ኣይሰኣናን'ዩ እሞ፡ በቲ ጽቡቕ ጐድና እናቐረብካን እናኣተባባዕካን ደግፋ። ቀጺሊ ብዛዕባ ጉድለታ ጥራይ እናተዛረብካን ምስ ሰብ እናኣወዳደርካ ትጥምታን ትዛረባን እንተ ኼንካ ግን፡ ብዝገደደ ክትደሃልን ክትሓምቕን'ያ። ስለዚ፡ ለውጢ ከተምጽእ ክትጽገም'ያ። ስለዚ ከይተሓለልካ ቀጺሊ ተስፋ ሃባ። ከም ተፍቅራን ትሓልየላን ብቓልን ግብርን ሓብራ። ሒዝካያ ናብ ምብጻሕ ምኻድ። ንሳ ብዓልቲቤትካ ምዃና፡ ብኣኣ ሕጉስ ምዃንካ፡ ንጉድለታታ ብዓቕምኻ ከም ትምልኣላን ክትልወጥ ከም ትኽእልን ሓብራ። ብዘይካኣ ካልእ ትርእዮ ከም ዘይብልካ'ውን ግለጸላ። ፍቕሪ ዘይቅይሮ የለን'ሞ፡ ከይተሓለልካ ደገፍካ ቀጽል። ተስፋ ኣብ ትቑርጸሉ ግዜ ኸኣ፡ ምስ ተፍቅሮም ሰባት ኣዕልል። ንኣሉታዊ ሓሳባት ብእወታ ቀይሮ፣ ብዛዕባ ጉድለታ ገዲፍካ ብዛዕባ ጽቡቓ ሕሰብ። ኣነ ብወገነይ ኣብ ቃልኪዳን ዘለካ ክብሪ ክየድንቐኩኻ ክሓልፍ ኣይደልን። ብዓልቲቤትካ ክትነፍዕ እምነየልካ። በዚ ትቃለሶ ዘለኻ ጻማኻ ከም ዘይትስእን ፍሉጥ እዩ።

ደዋሊ፤ እንቋዕ ናባኹም ደወልኩ፣ ምሳኻ ምዝራብይ ጽቡቕ ተሰሚዑኒ፡ ፍኹስ ኢሉኒ። ሓቂ ይሓይሽ፡ ብዘይካ ብኣካል ምሕጋዝ ብቓለይ ብዙሕ ኣተባብዓ ኣይነበርኩን። ምብጻሕ ድማ ሳሕቲ እንተ ዘይኮኑ ብሓንሳብ ምኻድ ብዙሕ ሓሲበሉ ኣይፈልጥን። ኣብቲ ንእሽተይ ወላ ትኹን ኣብ ጽቡቓ ብምስትብሃል ኣተባብዓያ ዝበልካኒ፡ ሓሳብ ኣዝያ ደስ ኢላትኒ ኣላ። ዝሃብካኒ ሃናጺ ሓሳባት ክተግብሮ'የ። ለውጢ ከምጽእ ኸኣ ተስፋ እገብር። ኣመና'የ ዘመስግነካ።

ኣማኻሪ፤ ገንዘብካ፡ ብሩኽ ምሸት። ሰሰናዩ እምነየልካ።

ደዋሊ፤ የቐንየለይ።

***

## ኣነቓቓሒ ጥቕሲታት

"ካብ ናይ ኮልኦት ጌጋ ተመሃር። ንኹሉ ጌጋ ባዕልኻ ከይትምኩሮ ህይወት ሓጻር እያ።"

- Groucho Marx

"ተኣምራታዊ ዝምድና ዝብሃል ንብጻይካ ብዘይ ምፍራድ ክርከብ ይከኣል።"

- Wayne Dyer

"ሓቂ ንኽልሰ-ሓሳብ እንተ ዘይተሰማምዖ፡ ንሰኻ ነቲ ሓቂ ቀይሮ።"

- Albert Einestein

***

ጀሚል ስዒድ



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ብዓል ቡት ድሙ ጽውጽዋይ

### ሳልሳይ ክፋል

እቲ ንጉስ ብመስኮት ተቐልቂሉ፡ ኑቲ ድሙ ምስ ረኣየ ስለዘለለየ፡ ኑዮም ሓለውቱ ቀልጢፎም ኑቲ መስፍን ከድሕንዎ ኣዘዘ። ካብቲ ሰረገላ ዘለሉም ኑቲ ዝተደናገሮ ወዲ ካብቲ ውሓዚ ኣውጽእዎ። እቲ ድሙ ናብቲ ሰረገላ፡ ናብ ንጉስ ቀሪቡ፡ “ዎ ንጉስ! ምጥሓል ጥራይ መኣስ ነይሩ። ኣብቲ ማይ ከሎ ክልተ ሰረቕቲ መጺኦም ክዳውንቱ ሰሪቖምዎ ከይዶም። ከመይ ዝበለት ቅርስስቲ መዓልቲ'ያ፡” ድማ በሎ ብሓዘን።

“ሕማቕ! ናብ ብሓቂ ሕማቕ መዓልቲ! እቲ መስፍን ብዙይ ክዳውንቲ ክኸይድ የብሉን” በለ እቲ ንጉስ። ንሓደ ካብቶም ሓለውቱ ብምጽዋዕ፡ “ኪድ ንኽቡር መስፍን ናይ ካራባስ ዝኸውን እቲ ዝበለጸ ክዳን ኣምጽእ!” ኢሉ ኣዘዘ።

እቲ ድሙ፡ ኑቲ ዝኣረገ ክዳውንቲ ናይቲ ወዲ ብትሕቲ እታ ዓባይ እምኒ'ዩ ሓቢእዎ። እቲ ሓላዊ ዝበለጸ ክዳን ሒዙ መጽአ'ሞ፡ ኑቲ ወዲ ጡሓናይ ከደንዎ። ኣዝዩ ምልኩዕን ሃብታምን ከኣ መሰለ። ሸዑ እቲ ድሙ፡ ንጉይታኡ ምስቲ ንጉስ ኣላለዮ።

“ክቡር ንጉሰ፡ በል እዚ'ዩ ጐይታይ መስፍን ካራባስ”

“ክቡር መስፍን ድሕሪ ብዙሕ እዋን ሎሚ ገጽ ንገጽ ክንረኣኣ ብምኽኣልና ዘሐጉሰ'ዩ። እዚኣ ልእልቲ ጓልና'ያ። ንዓ ሕበርና፡” በሎ እቲ ንጉሰ።

ብሓደ ድማ ክጉዓዙ ጀመሩ። ኣብ መንገዲ “ክቡር መስፍን፡ እቲ ፈጣንን ንፉዕን ኣገልጋሊኻ ድሙ ደኣ ኣበይ ኣሎ?” ኢሉ እቲ ንጉስ ሓተተ።

“እ! እንሆ ክቡር ንጉሰ፡ ቀቅድሚና ክጉይይ እርእዮ



ኣለኹ። ደሓን ትእዛዛይ ተቐቢሉ'ዩ ክቡር ንጉሰ፡ ንእኡ ከተግብር'ዩ ዝጸየ ዘሎ፡ ” በሎ።

“ብርግጽ!” በለ እቲ ንጉሰ።

እቲ ወዲ ጡሓናይ፡ ብመልክዕ እታ ልእልቲ ተማሲጡ ሰሰራቑ ደርጒዩ ነበረ። ንሳ'ውን ከምኡ። እዚ ክኸውን እቲ ድሙ ቀቅድሚ እታ ሰረገላ ጉይዩ ኣብ ሓደ ዝዕጸድ ዝነበረ ሸኻ በጽሐ። ኑዮም ዓጻዶ ድማ፡ “ከመይ ሓዲርኩም ዝኸበርኩም ዓጻዶ?” በሎም።

“ከመይ ሓዲርካ ብጻይ ድሙ?” መለሱ።

“መልእኽቲ ሒዘልኩም መጺአ ኣለኹ። ንጉስ በዚ ገጹ ይመጽእ ኣሎ'ሞ ናይ መን ሸኻ ትዓጽዱ ከም ዘለኹም ክሓተኩም'ዩ”

“እወ” መለሱ'ቶም ዓጻዶ።

“እምበኣር ከምዚ ኢልኩም መልሱሉ፣ 'እዚ ሸኻ ናይቲ ክቡር መስፍን ናይ ካራባስ'ዩ' ትዘክሩዋ ዲኹም?”

“እምበኣ! ግን ብጻይ ድሙ፡ እዚ...፡”

“ኣይትሓዙለይ ደኣ'ምበር፡ ዝ ዝበልኩኹም እንተ ዘይኢልኩም፡ ንኹልኹም ኣብ መጥሓን ስጋ ኣእትየ ክጥሕነኩም ክግደድ'የ፡” በለ እቲ ድሙ።

“ኣበይ?” ሓተቱ'ቶም ዓጸዶ።

“መጥሓን ስጋ! መጥሓን ስጋ! እንታይ ማለት ምዃኑ መቸም ትፈልጥዎ ኢኹም?” ሓተተ ድሙ።

**ይቕጽል**

# ተዓወትቲ መበል 11 ‘ውድድር ተርሙማ’ ተሸሊሞም!!

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ ዓምዲ ተርሙማ፡ ኣብ ዝሓለፈ ግዜ መበል 11 ውድድር ተርሙማ ኣካይድና ምንባርና ዝዘከር እዩ። ዕዉታት መበል 11 ውድድር ብዕለት 31-08-2024 ኣብ ኣዳራሽ ዳዕሮ ዝተዳለወሎም ሰርቲፍኬት ንምቕባል ጽምብል ተኻዪዱ።

መደብ ከምቲ ልሙድ ብዘኽረ ሰማእታት ተጀሚሩ። ድሕሪ ዝክረ ሰማእታት ኣዳላዊ ዓምዲ ተርሙማ፡ ያቆብ መርሃዊ (ጃክ) መድረኽ ተረኪቡ፡ ንተዓወትቲ ተመሃሮን ወለድን እንቋዕ ኣሐጐሰኩም ብምባል፡ “... ኣብ መበል 11 ውድድር ከምቲ ዝሓለፈ ጽቡቕ ውጽኢት ዝተመዝገበሉ እዩ። ....ኣብ መበል 11 ውድድር 163 ተወዳደርቲ ካብ ሓሙሽተ ዞባታት ነይሮም። ካብቲ ዝተዋህበ ሕቶታት ፊልምታት ሃገርና 90.3%፡ ሕቶታት ታሪኽ ኤርትራ 90.1%፡ ሕቶታት ቁጽሪ 100%፡ ሓፈሻዊ ሕቶታት 83.7% ብጠቕላላ ድማ 89.43% ልክዕ መልሲ ተመሊሱ። ዝበዝሐ ጌጋ ዝተረኽቦ ሕቶታት ሓፈሻዊ ፍልጠት እዩ። ኣብ ሕቶታት ታሪኽ ኤርትራ ዝበለጸ ውጽኢት ተራእዩ፣ ሕቶታት ቁጽሪ ከም መቐሹሽ ስለዝኾነ ብኹሉ ተመሃራይ እዩ ዝምለስ።



“.... ተወዳደርቲ ካብ ሓሙሽተ ዞባታት ተሳቲፎም። ካብ ዞባ ደ.ቀ.ባሕሪ ተወዳደርቲ ኣይነበሩን። ተዓወትቲ ካብ ዞባታት ማእከል፡ ደቡብን ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን እዮም። ኣብ መበል 11 ውድድር ካብ ከተማ ደቀምሓረ (ዞባ ደቡብ)፡ ከተማ ጊንዳዕ (ሰ.ቀ.ባሕሪን ከተማ ድባርዋ (ደቡብ)ን ብልጫኦም ንምውሳድ ዝመጽኡ ዕዉታት ኣለዉ። ንዕዉታትን ንስድርኦምን ንዘወሰድዎ ተበግሶ ኣዚና ነመስግን። ከም ወትሩ ዕላማ ውድድር ተርሙማ ኣብ መንነ ተመሃሮ ናይ ምውድዳር መንፈስ ምሕዳርን ናይ ንቡብ ዝንባለ ንምዕባይን ስለዝኾነ 32 ዕዉታት ክሽለሙ እዮም።.... ንተሓባበርቲ ስለቲ ዝገበርዎ ኣበርክቶ ብልቢ ነመስግን!!” ብምባል መደርኡ ዛዚሙ።

ድሕሪ ኣዳላዊ ዓምዲ፡ ካብ ዞባ ደቡብ ከተማ መንደፈራ ዝመጽአ ኣቦ ክልተ ዕዉታት ኣቶ ሃብቶም ኣርኣያ መድረኽ ተረኪቡ።

ኣቶ ሃብቶም ኣርኣያ፡ “...መጀመርታ ጋዜጣ የቐንየልና!” ብምባል ሓሳቡ ብሓጐስ ኣካፊሉ።

ድሕሪ ኣቶ ሃብቶም ኣርኣያ፡ መድረኽ ዝተረከበት፡ ዕውትቲ ተመሃሪት መርዋ የሱፍ ኣሕመድ ካብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ከተማ ጊንዳዕ እያ።

ተመሃሪት መርዋ የሱፍ፡ “...መጀመርታ የቐንየለይ!! ቀጺለ ኣብ ውድድር ተርሙማ ምዕዋተይ ኣዝየ ተሓጒሰ ኣለኹ። ውድድር ጽቡቕ ነይሩ። ምስ ስድራ ኴንና ኢና መሊስናዮ። ተዓዊትኪ ምስ ተበሃልኩ ኣዝየ ተሓጒሰ። እዛ




ሓዳስ ኤርትራ ንኣንበብቲ ንምምሃርን ጽልዋ ንምሕዳርን ንእትገብሮ ዘላ ጻዕሪ ብልቢ አመስግን። ኣብ መበል 11 ውድድር ተርሙማ ክልተ ደቀይ ተዓዊቶም። እዚ ዓወት ድማ ንምልእቲ ስድራና ዘሐጉሰና ዓወት እዩ። ልዕሊ ኩሉ ድማ ደቅና መጽሓፍቲ ንኽፍትሹ ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ። ኣነ ንኣብኡት ሕቶታት ብቐጥታ ኣይምልሰሎምን እየ። መጽሓፍ እየ ዘቕርበሎም። ‘መልሲ ናይዚ ሕቶ ኣብዚ መጽሓፍ ስለዘሎ ድለይዎ’ እየ ዝብሎም። ንሶም ድማ መጽሓፍ ምሉእ ይፍትሹ፣ እዚ ድማ ኣብ ንቡብ ሓጋዚ ኮይኑ ኣሎ። ውድድር ተርሙማ ኣብ ኣፍልጦና ይኹን ኣተሓሳስባና ዓቢ ጽልዋ ትገብር ኣላ። ነዚ ሕቶታት ክንምልስ ዘየንበብናዮን ዘይተወከስናዮ የለን። ንእግረ መገድና ብዙሕ ፈሊጥና። ንኣባላት ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ንእትገብርዎ ዘለኹም ጻዕሪ ኣድንቐ። ቀጽልዎ ንሕና ድማ ተሳቲፍና ክንቅጽል ኢና....



መዓልቲ ከይትሓልፈኒ ድማ ሰዓት ሰለስተ ለይቲ ተንሲአ ናብ ኣስመራ መጺአ። ኣስመራ ስለዘይፈልጣ ናብ መምህር ያቆብ ደዊለ ንኽቕበለኒ ሓቲተዮ። መምህር ያቆብ እዩ ተቐቢሉኒ። ኣብ ዝቕጽል ክንሳተፍ ኢና። ብዙሕ ትምህርቲ ንረኽበ ስለዘለና ቀጽልዎ። ነዛ ብልጫ ክቕበል ካብ ጊንዳዕ ምምጽኣይ ሓጐስ ፈጢሩለይ ኣሎ። ንእትገብርዎ ጻዕሪ ብልቢ አመስግን የቐንየለይ፡” ብምባል ሓጐሳ ገሊጹ።

ድሕሪ'ዚ፡ ምዕዳል ሽልማት ሰዒቡ። ናይ መበል 11 ውድድር ናይ ክብሪ ዕዱም ደራሲን ጋዜጠኛን ደበሳይ ወልዱ እዩ። ንዕዉታት ተሳቲፎኦም ብምድናቕ ከምዚ ዓይነት ውድድር ንተመሃሮ ኣዝዩ ኣገዳሲን ኣብ መጻኢ ህይወቶም ዓቢ ረብሓን ስለዘለዎ ክድፍኣሉ ኣዘኻኺሩ። ቀጺሉ ብዞዕባ ቁልዕነትን ዓወትን ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ፡

“....ዓወት ጥዑም እዩ። እንተኾነ ዓወት ብቐሊሉ ዝመጽእ ኣይኮነን። ንኣብኡት ኣብ መበል 11 ውድድር ተርሙማ ተዓዊትኩም ኣለኹም። እዚ ዓወትኩም ብቐሊሉ ዝመጽአ ኣይኮነን። ንኽትዕወቱ ብዙሕ መጽሓፍቲ ፈቲሽኩም፣ ንኽትዕወቱ ንብዙሓት ሰባት ሓቲትኩም ኣለኹም.....። ስለዚ ዓወት ብቐሊሉ ስለዘይርከብ ኣብ ኩሉ ህይወትኩም ንኽትዕወቱ ጥንቁቓት፡ ትጉሃትን መስተውዓልትን ክትኮኑ ይግባእ። ....ስለዚ ህይወትኩም ምሉእ ብሓጐስ ንኽቕጽል ኣበርቲዕኩም ስርሑ። ግዜኹም ድማ ብጥበብ ተጠቐምሉ....፡” ብምባል ንዕዉታት ዝመሰጠ ምዕዶ ለጊሱ።

ኣብ መወዳእታ፡ ዕዉታት ዝተዳለወሎም ምስክር ወረቐት ካብ ጋዜጠኛን ደራስን ደበሳይ ወልዱ ተቐቢሎም።

ድሕሪ ምዕዳል ሽልማት ድማ መደብ ብሃገራዊ መዝሙርን ናይ ስእሊ መደብን ብደስ ዘብል ሃዋህው ተዛዚሙ።

ኣዳላዊ ዓምድን ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራን ንኣበርክቶትን ንምግመተኤን ኩሎም ዝተሓባበሩን ደጊምና ነመስግን!!

### መልሲ ውድድር ተርሙማ

**ሀ. ሕቶታት ፊልም ሃገርና**

1. ብተመስገን ትኩእ
2. ብስዉእ ኢሳይያስ ጸጋይ
3. ማጨሎ፡ ን136 ክፋላት
4. ኳና፡ 2004።
5. ነጨ. ፍስሃጽዮን

**ለ. ሕቶታት ታሪኽ ኤርትራ**

1. ሰቋር ባሕሮ፡ በዓል ድግሳ
2. 01-09-1987 ዓ.ም
3. በዛበህ ጴጥሮስ፡ ኣብ ናቕፋን ኣስመራን
4. ኣቍርደት፡ 09-03-1975 ዓ.ም
5. 1970፡ ኣብ ስዱሕ ዒላ

**ሐ. ቁጽሪ ምልኣ፤**

| | | |
|---|---|---|
| 3 | 8 | 9 |
| 6 | 2 | 7 |
| 1 | 5 | 4 |

**መ. ምስላታት መልሱ**

1. 1903 ዓ.ም
2. ኣርኒስቶ ቾጎቬራ
3. 10 ታሕሳስ 1901 ዓ.ም
4. 1991 ዓም፡ ኣብ ቻይና
5. ናይ ኢድ ጽፍሪ ቀልጢፉ ይዓቢ

### ዕዉታት ውድድር ተርሙማ

| ቁ | ምሉእ ስም ዕዉት ተመሃራይ | ደ. ት | ዞባ |
|---|---|---|---|
| 1 | ሰናይ ምናሴ | 4 | ማእከል |
| 2 | እሰይ በረኸት ሃይለ | 8 | ማእከል |
| 3 | ፍቕሪ በረኸት ሃይለ | 5 | ማእከል |
| 4 | ሚልክያስ ኤፍሬም ገ/ሄር | 7 | ማእከል |
| 5 | ሰፋኒት ይስሓቕ ዮሃንስ | 10 | ማእከል |
| 6 | ከንኣን ዳዊት ገብረሂወት | 6 | ማእከል |
| 7 | ናይኤል ሄኖክ ሃብተ | 4 | ማእከል |
| 8 | ሚካኤል ሄኖክ ሃብተ | 7 | ማእከል |
| 9 | መንግስተኣብ ሰመረ | 7 | ማእከል |
| 10 | ኤፍሬም መብራህቱ ዑቕባዝጊ | 8 | ማእከል |
| 11 | ነቢ ኢሰያስ ገብራይ | 8 | ማእከል |
| 12 | ሳምሶም ክብሮም | 7 | ማእከል |
| 13 | ህያብኤል ዓወት መብራህቱ | 7 | ማእከል |
| 14 | ቤትኤል ዑቕባይ ዮሴፍ | 7 | ማእከል |
| 15 | ኤፍራታ ገዛኢ ግርማይ | 4 | ማእከል |
| 16 | ሲራክ ደበሳይ | 7 | ማእከል |
| 17 | ሰናይት ተኽለማርያም | 9 | ማእከል |
| 18 | ለውሃት ዓወት መብራህቱ | 5 | ማእከል |
| 19 | ማክዳ ገብረመስቀል ወልዳይ | 4 | ማእከል |
| 20 | ኬብሮን ገብረመስቀል ወልዳይ | 3 | ማእከል |
| 21 | ዮናታን ገብረመስቀል ወልዳይ | 5 | ማእከል |
| 22 | ናኤል ኣቶብርሃን | 4 | ማእከል |
| 23 | ያፌት ዑቕባይ ዮሴፍ | 4 | ማእከል |
| 24 | መርዋ ዮሱፍ ኣሕመድ | 9 | ሰ/ቀ/ ባሕሪ |
| 25 | መጅድ ማሕሙድ ዓብደላ | 8 | ሰ/ቀ/ ባሕሪ |
| 26 | ያቆብ ግርማይ ሓጐስ | 10 | ደቡብ |
| 27 | ቢንያም ደግያት ገብረሃንስ | 6 | ደቡብ |
| 28 | ኬብሮን ሃብቶም ኣርኣያ | 8 | ደቡብ |
| 29 | ጁልያና ሃብቶም ኣርኣያ | 10 | ደቡብ |
| 30 | ሄኖስ ኣብርሃም ሃይለ | 4 | ደቡብ |
| 31 | ሴም ኣብርሃም ሃይለ | 5 | ደቡብ |
| 32 | ዮሳን ኣብርሃም ሃይለ | 3 | ደቡብ |

# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

## ብምኽልካል ዝግበር ምውዕዋዕ

### ቈልዑ ኣይትግበርዎ ዝተባህሉ ነገር ንምንታይ ይገብሩ?

ወለዲ፡ ኣብ ገለ ግዜ ነቲ ኣንጻራዊ ባህሪ ቈልዑ ተጠቒምና፡ ደቅና ክገብርዎ ንእደልዮ 'ከይትገብርዎ' ኢልና ብምጥንቃቕ ከም ዝገብርዎ ንገብር ኢና። ሓደ መሳርሕተይ፡ ደቂ ሓዉ መግቢ ምብላዕ ክኣብዩ ከለዉ፡ ኣብቲ ዝተቐረብዎ መኣዲ ክልተ ወይ ሰለስተ ኵላሶ ጠቒሊሉ ብምቕማጥ፡ "ዝኾነ ሰብ ከይበልዓለይ" ብምባል ናብ ካልእ ይጥምት እሞ፡ ይዋእዮም ቈልዑ ኸኣ ተጓይዮም ይብልዕዎ። ቈልዑ፡ ብተደጋጋሚ ከምዚ ባህሪ ከርእዩ ከለዉ፡ 'ናይ ምስማዕ ድዩ ወይ ናይ ምርዳእ ጸገም ዘለዎም' ኢልና ንሓስብ ንኸውን። እዚ ባህሪ ኣብ ቈልዑ ብጋህዲ ዝርአ ኮይኑ እምበር ዓበይቲ'ውን ኣይንገድፍን ኢና። ክንገብሮ ንእደሊ 'ኣይትግበር' ምስ እንበሃል፡ ኣብ ክንዲ ንምንታይ ከምኡ ተባሂልና ክንርዳእ እንፍትን፡ ብኸመይ ንገብሮ ክንሓስብ ጥራይ ብዙሕ ግዜ ነሕልፍ። ስምዒታትና ካብ ግንዛበና ኣብ ዝልዕለሉ ግዜ ኸኣ ነቲ 'ኣይትግበሮ' ዝተባሃልና ነገር ንገብሮ። ከምዚ ዓይነት ክስተት፡ ኣብ ዓውዲ ሳይኮሎጂ 'ሪኣክታንስ' ወይ 'ምላሽ' ብምባል ተሰምዩ ይርከብ። 'ሪኣክታንስ' ኣብ ዓውዲ ፊዚክስ ኣሎ። ሓደ ተዓቒሩ ወይ ክኸይድ ዝጸንሐ ኤለትሪክ፡ ከቕይር ዝኽእል ካልእ ድርኺት ከጓንፍ እንከሎ ዝፍጠር ተጻራርነት እዩ። እዚ ንብሎ ዘለና፡ ኤለትሪክ ምስ ተንከፍና ዝስመዓና ናይ ጠዘዝታ ስምዒት ምስ ንዝክር ዝያዳ ክንርድኦ ንኽእል። ኣብ ዓውዲ ስነ-ልቦና ኸኣ ብተመሳሳሊ፡ ኣብቲ ክንከዶ ዝጸናሕና መስርሕ ወይ ጉዕዞ ዘጥረናዮ እምነት ክቕይር ዝፍትን፡ ካልእ ጸቕጢ ወይ ድፍኢት ብደገ ምስ ዘጓንፍ ዝፍጠር ስምዒታዊ ጠዘዝታ እዩ። ንርእሰ-ምሕደራና ወይ ናጽነትና ዝጻባእ ወይ ዝቕይድ ነገር ኣጋጢሙ ኢልና ኣብ እንሓስበሉ እነንጸባርቖ ኣንጻራዊ ስምዒትን ተግባርን እዩ። ዝያዳ 'ብርእሰይ ክኸይድ ኣለኒ' ኢልና ዝኣመንና፡ ጸቕጢ ወይ ድፍኢት ምስ ዘጓንፍ፡ ዝያዳ ኣንጻራዊ ባህሪ ከነርኢ ንኽእል። እዚ ባህሪ ኣብ ቈልዑን ኮተቴን ብዝለዓለ ንርእዮ። ኣብ ርእሰ-ምሕድራን ውልቃዊ ናጽነትን ልዑል እምነት ኣብ ዘለዎም እኹላት ሰባት ከኣ ብመጠኑ፡ ምኽልካል ኣንጻር እቲ ዝዓለምናዮ ውጽኢት ክህብ ይኽእል።

'ሪኣክታንስ' ወይ ኣንጻራዊ ባህሪ፡ ኣብ እኹላት ሰባት፡ ብኽልተ ምኽንያት ክጽሎ ይኽእል። እቲ ቀዳማይ፤ ልክዕ ከም ቈልዑን ኮተቴን፡ እኹላት ሰባት'ውን ንናጽነት፡ ርእሰ-ምሕድራን ነብሰ-ክብርን ዝትንክፍ ኣገባብ ኣወሃህባ ሓበሬታ ምስ ዘጓንፎም፡ ኣንጻራዊ ባህሪ ከርእዩ ይኽእሉ። እቲ ካልኣይ፤ ንሓደ እኹል ሰብ፡ ብዝኾነ ኣገባብ 'ሓባቢልካ' ዝግበር ድፍኢት፡ ናብ ኣንጻራዊ ባህሪ ከም



ዘንጸባርቖ ክገብሮ ይኽእል። ኣብ ግዜ ለበዳ ኮቪድ 19፡ ኩሉ ሰብ ማስክ ክጥቀም ዝሕብር ጽሑፋትን ስእልታትን ኣብ ፈቖዶ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ተጠቂዑ ነይሩ። ገሊኡ ማስክ ጌርካ ክትሓድር'ውን ዘወናውን ክኸውን ከሎ፡ ገሊኡ ግን ብጥዕና እቲ ዝጸሓፎ ከም ትሰግእ ዝገብር ነይሩ። እቲ ማስክ ንኽንገብር ዝሕብር ጽሑፍ፡ ዝበዝሕ ዘጓጥጥ'ዩ ነይሩ። ሓደ ካብቲ ምስ ኣንቡብክዎ ዘስሓቐኒ፡ "ማስክ ምስ ገበርኩም ትምልክዑ" ዝብል ሓበሬታ እዩ። ብኣንጻሩ፡ "ማስክ ዘይገበረ ኣገልግሎት ኣይንህብን ኢና" ዝብል ከኣ ነይሩ። ሚዛናዊ ኮይኑ ዝተሰምዓኒ ግን "ንድሕነት ነብስናን ከባቢናን ማስክ ንጠቐም" ዝብል እዩ። ካብዚ ሰለስተ ኣየናይ ምተቐበልና? ነየናይ ከ ኣንጻርነት ምሓዘና?

ኣገባብ ኣወሃህባ ሓበሬታ፡ ተቐባልነት ወይ ብኣንጻሩ ተጻራሪ ባህሪ ሰባት ከነቓቕሕ ልዑል ተኽእሎ ኣለዎ። እቲ ዝወሃብ ሓበሬታ ሓደ እንክነሱ፡ ብሰንኪ ንጥቀመሉ ኣገባብ ግን ዝተፈላለየ ውጽኢት ክንረክብ ንኽእል። እቲ ብሓይሊ ወይ ብዘይ ፍቓድና ዝግበር ውሳነ፡ ንዝበዛሕና፡ ህልኽ ዘትሕዘና እዩ ዝመስለና። እንተኾነ፡ እቲ ክጥብርን ከታልልን ዝፍትን ሓበሬታ እዩ ብዝለዓለ ዘሕርቐና። ምኽንያቱ፡ ናይ ምውሳን ናጽነትና መንጢሉና ጥራይ ዘይኮነ፡ ክቕሸሽና ብምፍታኑ ጥራይ ነብሰ-ክብርና ዝተንከፎ ስለዝመስለና እዩ።

ብተፈጥሮና ክንክላእ፡ 'ኣይፋል' ክንበሃልን ክን'ጸግን ዘይንፈቱ እንክነስና፡ ንእሽተይ ዕድል ኣብ ዝተዋሃብናሉ ግዜ ንምንታይ ብምኽልካል ንጅምር፡ ካብቲ ዝገርመኒ ባህርያት ደቂ-ሰብ እዩ። ክኽልከል ወይ ኣይፋል ክበሃል ዝግብኦ ንጥፈት የለን ማለት ኣይኮነን። እንተኾነ፡ ዕላማና ምሕባር ካብ ኮነ፣ እቲ እንድልዮ ውጽኢት ከኣ ሓበሬታና ብምልኣት ክትግበር ካብ ኮነ፡ ኣሉታዊ ስምዒት ዘነቓቕሕ ተወሳኺ ቃላት እንታይ ኣምጸአ?

ብሰንኪ ክልካሊ ዝመስል መምርሒታት ወለዲ፡ ልዝብ ወለድን ደቆምን ናብ ዓውደ ኲናት ዝተቐየረ ኮይኑ እዩ ዝስመዓካ። ዝበዝሐ ግዜ፡ ናይቲ ውዕሎ ዛንታ ዝነግሩ ወለዲ ስለዝኾኑ ኸኣ 'ናይ ሎሚ ቈልዑ ተበላሽዮም፡ ዘረባ ወለዶም ዘይሰመዑ ኮይኖም' ኢልና ንሓልፎ። ይኹን እምበር፡ ዓበይቲ'ውን ሓበሬታ ክንህብ ከለና ጉድለታት ንገብር ኢና። ኣብ ሓደ ገዛ፡ "ማማ፡ 'ኣይትጻወት፡ ንብረት ኣይትሓዝ፡ ምስ ቈልዑ ኣትቕረብ፡ ኣይትረብሽ፡ ጋሻ ምስ መጽአ ኣይትዛረብ...' ኩሉ ትብልኒስ እንታይ ደኣለይ ክገብር፡ " ምስ በለታ፡ ወዮ ብዛዕባ ትደልዮ ጥራይ ትሓስብ ዝነበረት ወላዲታ፡ "እዋይ ጓለይ ኣይትሓዝለይ፡ ድሓን ተጻወቲ በሊ፡" ኢላ ክትጻወት ኣፍቀደትላ። ካልእ ቈልዓ ኸኣ ኣብቲ ክትጻወተሉ ዝሓሰበት ሜዳ ዕቋር ማይን ጭቃን መሊኡ ምስ ረኣየት፡ ክዳውንታ ኣውጺኣ ኣብ ሓደ ብርኽ ዝበለ ጽሩይ ቦታ ብምቕማጥ፡ ናብቲ ጭቃ ጠኒና ኣተወት። ተጻዊታ ምስ ጸገበት፡ ጽሩይ ክዳውንታ ካብቲ ብጭቃ ዝተለበጠ ነብሳ ኣርሒቓ ብኢዳ ብምሓዝ፡ ናብ ገዛእ ኣምረሐት። ኣዲኣ በቲ ዝረኣየቶ ፍጻመ ዕንድ ኢላ ብምጥማት፡ "ኣቲ እንታይ ረኺቡኪ?" ብምባል ሓተተታ። "ማማ፡ ምሽ 'ክትጻወቲ ከለኺ ክዳንኪ ጭቃ ከይትጽይቖ' ኢልክኒ፡" በለታ። ክልካሊ ኣገባባት ብብዝሒ ምጥቃም፡ ኣብ ክንዲ ነቲ ሓበሬታ ነተግብር፡ ነቲ ዝደለናዮ ነገር ንምግባር፡ ኣበርን ሕጽረትን ናይቲ ሓበሬታ ኣብ ምድላይን ካልእ መገዲ ኣብ ምንዳይን ግዜ ከነሕልፍ የተባብዕ።

ናይ ሓደ ገዛ ዋናታት፡ ዝመጽአ ጋሻ ሳእኑ ኣውጺኡ ክኣቱ ስለዝደለዩ፡ "ሳእንኹም ካብ እግርኹም ዝጸሪ እንተ ኾይኑ ምስ ሳእንኹም እተዉ፡" ዝብል ጽሑፍ ኣብ ኣፍደገ ለጠፉ። ሓደ ጋሻ ኸኣ ነቲ ሓበሬታ ኣንቢቡ፡ ምስ ሳእኑ ኣተወ። በዓል ገዛ "እቲ ጽሑፍ ተረዲኡካ ዶ?" ኢሉ ሓተቶ። በጻሒ ኸኣ "እወ ሳእነይ ካብ እግረይ ስለዝጸሪ እየ ምስ ሳእነይ ኣትየ፡" ኢሉ መለሰሉ። ኣንጻራዊ ባህሪ፡ ብዘይካ'ቲ ናይ ሰባት ባህግታት፡ ርእሰ-ውሳነን ናጽነትን ብምትንካፍና ዝለዓል ምኽኑ፡ ኣገባብ ኣወሃህባ ሓበሬታና 'ዘናቕጽ' ምስ ዝኸውን ከነቓቕሖ ይኽእል እዩ።

ኣብ ሓደ ትካል፡ ኣገልግሎት ክረክብ ምስ ከድኩ፡ ካብ ነቲ ክገብሮ ዘለኒ ዝሕብር፡ ነቲ ክገብሮ ዘይብለይ ዝሕብር ምልክታታት ይበዝሕ ነይሩ። ኣብ ገለ ቤት ጽሕፈታት፡ እቲ ክንገብሮ ዘለናን ዘይብልናን ሓዋዊሶም ይነግሩና እሞ፡ ሕውስውስ ዝበለ ሓበሬታ ሒዝና ናብ ገዛና ንኸይድ። እዚ፡ ኣብ ገዛና'ውን ብቐጻሊ ንርእዮ ነገር እዩ። ሓደ ቈልዓ ክገብሮ ዘይብሉ ነገር ምስ ዝገብር፡ ኣብ ክንዲ ብግቡእ ምሕባር፡ "ጽናሕ ከርእየካ እየ!" ብምባል ንጓጥጠሉ። እዚ ግን ክገድፍ ዘይኮነ፡ ብተደጋጋሚ ክገብሮ ዘተባብዕ ኮይኑ እዩ ዝጸንሕ። ዘወሃቡና ሓበሬታ እንታይ ኮይኖም ምስ ዝስምዑና'ዮም ኣንጻራዊ ባህሪ ከነርኢ ንደፋፍእ?

ከም ሰባት ትርጉም ኣለና ኢልና ንኽንሓስብ ዝሕግዘና ኵነት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ውሳነታትን ስራሓትን ምስ ንጽንበር እዩ። 'ኣይተጽንበርኩን፡' 'ተፈልየ፡' ወይ 'ትርጉም የብለይን፡' ዝብል ሓሳብ ናብ ህልኽን ኣንጻራዊ ባህርን ከምርሓና ይኽእል። ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት፡ ንዓና ዝጠቅም እንክነሱ፡ ንሕና ብዘይ ምጽንባርና ዘለዓል ናይ ህልኽ ባህሪ፡ ክሳብ ነብስና ሓዊስና ከም እንጎዱ ይገብር። ሓደ ኣቦ ንደቁን ብዓልቲቤቱን ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ገበን ብምፍጻሙ፡ ኣደ ደቃ ሒዛ ካብኡ ምብፍላይ በይና ከተዕብዮም ተገደደት። ድሕሪ ገለ ግዜ ጓላ ንሓዳር ኣኺላ፡ ንመርዓ ዝሓቱ ሽማግለታት መጽኡ። ንሳን ጓላ ዘደለየቶም ዘመድ ሽማግለን ኮይኖም፡ ትብጻሕኩም ኢሎም ንመርዓ ተቓጸሩ። ኣቦ ጓል ድሒሩ ምስ ሰምዐ፡ "ብዘይ ብኣይ ዝግበር መርዓ የለን፡" ብምባል ናብ እንዳ ወዲ ብምኻድ ዕግርግር ገበረ። እንዳ ወዲ ኸኣ "ነገር ዘለዎም



ስድራቤት ኣይንደልን ኢና፡" ብምባል ሕጸ ኣፍረስዎ። ኣቦ ጓል ከኣ እቲ ኩሉ ወላዲ ዝሃርፎ፡ ኣበባ ጓሉ፡ ብሰንኪ ኣንጻራዊ ባህሪኡ ከይረኣየ ተረፈ። ባህርና ወይ ሓሳብና ክንቅይር ኣብ ንንገረሉ ግዜ፡ 'ባህርኻ ጽቡቕ ኣይኮነን ድዩ ዝብል ዘሎ?' ብምባል ንዝተሓበረና ነገር ከም ነቕፌታ ናይ ምውሳድ ባህሪ'ውን ኣንጻር ክንጓዓዝ ይደፋፍእ'ዩ። እቲ ዝዓበየ ጠንቂ ኣንጻራዊ ባህሪ ግን፡ 'ፍርሒ' እዩ።

'ሪኣክታንስ' ወይ ኣንጻራዊ ባህሪ ዘበግሱ ምኽንያታት ምስ እንፈልጦም፡ ነቶም ጽልዋታት ብምእላይ ከነወግዶ ወይ ከነጉድሎ ይከኣል'ዩ። ኣብ ቈልዑን ኮተቴን ንርእዮ 'ሪኣክታንስ'፡ ምስ ዕድመ ዝጒድል ዋላ ደኣ ይኹን፡ ንሽዑስ ኣዝዩ ኣጸጋምን ኣድካምን ባህርያት እዩ። ነዚ ሃልኪ ንምውጋድ ብወለዲ ዝግበር ጥበራን መብጽዓን፡ ምስ ግዜ ኣሉታዊ ሳዕቤን ከይሃለዎ ኣይተርፍን እዩ። ንስራሕ ክንከይድ ከለና፡ "ካብ ስራሕ ምስ ተመለስኩ ሓደ ነገር ከምጽኣልካ እየ፣ ሕጂ ጥራይ ኣይትብከ፡" ኢልና ዝተፋነናዮ ቈልዓ፡ ኣብ ኣፍደገ ገዛ ክጽበየና ቀንፈዘው ንኽብል ንፈርዶ ኣለና። እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ተግባር ምስ ዝደጋገም ከኣ፡ እቲ ቈልዓ ስራሕን ሞቑሽሽን ብምዝማድ፡ ብዘይ ሞቑሽሽ ዘይጥበር ባህርያት ከም ዘዕቢ ንገብር።

ቈልዓ ይኹን እኹል ሰብ፡ ነቲ እንደልዮ ውጽኢት ብዝህብን ኣንጻራዊ ባህሪ ብዘየተባብዕን ኣገባብ ተጠቂምና ብኸመይ ንሕብር? ቀዳማይ፤ መምርሒና ብመረዳእታ ክስነ ውጽኢታዊ ይገብሮ። ካልኣይ፤ ሓበሬታና፡ ንጥቕሚ እቲ ሰብ ምኳኑ ምስ ነረድእን ኣብ ውሳነ ምስ እንጽንብሮምን ናብ ሓደ ዘሰማምዕ ውሳነ ክንበጽሕ ይሕግዘ። ሓደ ቈልዓ ክርብሽ ከሎ "ኣይትረብሽ" ካብ ምባል፡ ይርብሽ ከም ዘሎን ሳዕቤን ናይ ረብሻኡ ኸኣ ዘይተፈታዊ ይገብሮ ምህላዉን ምስ እንነግሮ፡ ከይጽላእ ክብል ነቲ ረብሻ ንኽሓድጎ ባዕሉ ክውስን እዩ። ኣገልግሎት ዝህባ ትካላት ከኣ፡ እቲ "ዓሚል ንጉስ እዩ" ዝብል መርሖ እሞ ይትረፈን፡ እንተወሓደ ዓሚል ሰብ እዩ፡ ኣቦና፡ ኣዴና፡ መምህርና፡ ጎረቤትና ... እዩ፡ ኢለን ምስ ዝሓስባ፡ ዘድልየን ሓበሬታ ንኽህባ ኣይክእግመን እዩ። ሳልሳይ፤ ንህቦ ዘለና ሓበሬታ፡ ብጽሑፍ ይኹን ብቓል፡ ነቲ ንሕና ዝዓለምናዮ ዕላማ ጥራይ ዝሕብር፡ ንጹር መልእኽቲ ክጠቓልል ይግባእ። ክግልገል ዝመጽእ ዓሚል እንታይ ይፍቀድ እምበር እንታይ ኣፍቀድን ኣየገድሶን እዩ። ወለዲ ንደቅም፡ መምህራን ንተመሃሮኦም፡ ወሃብቲ ኣገልግሎት ንዓማዊሎም ... ዓቕሞም ዘፍቅዶ ክገብሩ ቅሩባት ምኳኖም ምስ ዘእምኑ፡ ኣንጻራዊ ባህሪ ክኽሰት ኣዝዩ ትሑት ተኽእሎ ኣለዎ።

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ፊልማዊት መጓሾ

# ኵነታት ዝናብ ክረምቲ

## ሰነ - ነሓሰ 2024

ክቡራት ኣንበብቲ ዓምዲ ፍረ ጻዕሪ፡ ዝናብ ክረምቲ ካብቲ ዝሓለፈ ዓመታት ሎሚ ዓመት ብዝርጋሐኡን መጠን ዝናቡን ዝሓሸ ከም ዝነበረ ኵልና እንምስክሮ ሓቂ ኹይኑ ኣሎ። ኣብ ናይ ሎሚ ዓምዲ ፍረ-ጻዕሪ ምስ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ሓላፊ ሕርሻዊ ሚትሮሎጂ ኣቶ ተኽስተ ወልደገብርኤል፡ ብዛዕባ ዝነበረ ኵነታት ዝናብን ትንበያ ወርሒ መስከረም እንታይ ይመስልን ዝብል ትሕዝቶ ሓጺር ዕላል ኣካይዳናሉ ኣሎና።

*** ናይ ወርሓት ሰነ - መስከረም ከመይ ዓይነት ትንበያ እዩ ኔሩ?**

- ወርሓት ሰነ- መስከረም፡ ልዕሊ ንቡር ዝኾነ ዝናብ ክዘንብ ምዃኑ እዩ እቲ ትንበያ ኣእንፊቱ ኔሩ። ናይ ክረምቲ ዝናብ ድማ ኣብ ባይታ ከምቲ ትንቢት ዝነበሮ ኣብ ዝበዝሑ ክፋላት ሃገርና ንቡርን ልዕሊ ንቡርን ዝናብ ኲይኑ ረኺብናዮ። ብፍላይ ድማ ኣብ ሸነኽ ደቡባዊ ምዕራብ ሃገርና ዝሓሸን ዝለዓለን ዝናብ ዝተመዝገበሉ ወቕቲ እዩ ኔሩ እንተበልና ምግናን ኣይኩንን።

*** ናይ ወርሒ ነሓሰ ዝነበረ ዝናብከ ብኸመይ ይግምገም?**

- ኣብ ወርሒ ነሓሰ እቲ ትጽቢት ወይ ትንቢት፡ ልዕሊ ንቡር ዝናብ ክዘንብ ከም ዝኽእል እዩ ሓቢሬታ ኔሩና። ኣብ ባይታ ምስ መጸኣና ድማ ማዕረ ማዕሪኡ ከም ዝነበረ እየን ነቝጣታትና ዝኣከቦ ሓበሬታ ዝገልጾ። ብደረጃ ሃገር እተን ዝለዓላ ዝናብ ዘመዝገባ ነቑጣታት እንተረኣናየን፡ ሕርኩኽ 632፡ ዳስ 560.5፡ መንደፈራ 533.7፡ ደራብሽ 476.1 ሻምብቆ 437.6 ሚሊ. ሜተር ዝዓቐኑ ዝናብ፡ ካብ 12 ክሳዕ 25 ናይ ዝናብ መዓልታት ኣመዝጊበን። ካብዚኣተን እተን ዝበዝሓ ኣብ ደቡብን፡ ደቡባዊ ምዕራብን ሃገርና ዝርከባ ነቝጣታት እየን።

እተን ዝተሓተ ዝናብ ዘመዝገባ ነቝጣታት ድማ፡ ካብ ሓደ ክሳዕ ኽልተ መዓልታት ብዝዘነበ ዝናብ ሓሰመት 37.9፡ ግራት 31.5 ፡ ቀሓይቶ ሰሬራ 26.5፡ ጋዱም ሓሊብ 21፡ ግርማይካ 22 ሚሊ. ሜተራት ዝዓቐኑ ዝናብ ኣመዝጊበን ይርከባ። እዚ ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ክረምቲ እቲ ዝርግሐ ዝናብ ሰፊሕ ከም ዝነበረ እዩ ዘርእየና ዘሎ። ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣብዚ ወቕቲ ዝናብ ክዘንብ እኳ ልሙድ እንተዘይኮነ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ወቕቲ ክረምቲ ግና ይዘንብ ኣሎ። ኣብ ገለ ክፋላት ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ'ውን ዝናብ ከም ዝነበረ ሓቢሬታ ኣሎና።

*** ናብ ነፍሲ ወከፍ ዞባታት ንምጽኣኑ ዝተመዝገበ ዓቐን ዝናብ ብብዝሒ ከመይ ይመስል?**

- ኣብ ዞባ ዓንሰባ እተን ዝለዓላ ዝናብ ዘመዝገባ ነቝጣታት ሓጋዝ 386.6፡ ሓሽሻይ 347.9፡ ደቀምሓረ - ደምበዛን 343.2፡ ምሕላብ 312.1፡ ዓዲ-ተከሌዛን ድማ 306.5 ሚሊ. ሜተር ዝናብ ካብ 11 ክሳዕ 20 መዓልታት ናይ ዝናብ ኣመዝጊበን። ኣብዚ ኣብ ሓደ መዓልቲ ክሳዕ 111 ሚሊ.ሜተር ዝናብ ዝተመዝገበሉ ግዜ'ውን ኔሩ እዩ። ዝተሓተ ዝናብ ዘመዝገባ ድማ ቐርጸት 136.1፡ ዓሬታይ 123.2፡ ገለት 111.5፡ ኣስኑዳ 109.3፡ ሸካ-ወግረት 67.0 ካብ 3 ክሳዕ 16 ናይ ዝናብ መዓልታት ኣመዝጊበን። ኣብዚ ድማ ክሳዕ 40 ሚሊ. ሜተር ዝዘነበሉ መዓልታት ከም ዝነበረ ጸብጻባትና ይሕብሩ።

ኣብ ዞባ ደቡብ እንተ መጺእና፡ እተን ዝለዓላ ዝናብ ዘመዝገባ ነቝጣታት፡ መንደፈራ 533.7፡ ቀናፍና 337.2፡ ደቀምሓረ-ገላሓመስ 331.0፡ ጸሮና 326.5፡ ሰገነይቲ 310.0 ሚሊ. ሜተር ዝናብ ካብ 13 ክሳዕ 25 መዓልታት ዝናብ ዘመዝገባ እየን። ኣብ ሓደ መዓልቲ እቲ ዝለዓለ ዝተመዝገበ ዝናብ 137.1 ሚሊ. ሜተር ከም ዝነበረ ይፍለጥ። ዝተሓተ ዝናብ ዘመዝገባ ነቝጣታት ድማ፡ ዓዲ-ፈለስቲ 114.0፡ ሕሪት 98.0፡ ዝባን ደብሪ 91.2፡ ዓዲ-ገላዕ 41.6፡ ቀሓይቶ-ሳፊራ 26.5 ካብ ሓደ ክሳዕ ሸውዓተ መዓልታት ዝናብ ኣመዝጊበን ይርከባ።

ዞባ ጋሽ ባርካ፡ እዚ ዞባ እቲ ዝበዝሐ ዝናብ ኣብዚ ወርሒ ነሓሰ ዘመዝገበ እዩ። እተን ዝለዓላ ዝናብ ዘመዝገባ ነቝጣታት፡ ሕርኩኽ 632.0፡ ዳስ 560.5፡ ደራብሽ 476.1፡ ሻምብቆ 437.6፡ መንሱራ 426.0 ሚሊ. ሜተር ዝናብ ካብ 12 ክሳዕ 17 መዓልታት ዝናብ ዘመዝገባ እየን። ናይ ሓደ መዓልቲ ዝለዓለ ዝተመዝገበ ዝናብ 154 ሚሊ. ሜተር ከም ዝነበረ ይፍለጥ። እዚ ዝነበረ ዝናብ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ኣብ ሓደ ወቕቲ ናይ ዝናብ ዘይተረኽቦ ኣዝዩ ዝሓሸ ዝናብ ከም ዝነበረ እዩ ዘርእየና። ዝተሓተ ዝናብ ዘመዝገባ ነቝጣታት ድማ፡ ሃይኮታ 116.4፡ ታማራት 113.4፡ ሓሸንኲት 91.4፡ ገረንፊት 80.8፡ ግርማይካ 22.0 ካብ ሓደ ክሳዕ 11 መዓልታት ዝናብ ከም ዝነበረ ጸብጻባትና ይሕብሩ።

ኣብ ዞባ ማእከል ድማ፡ እተን ዝለዓላ ዝናብ ዘመዝገባ ነቝጣታት፡ ዛግር 409.9፡ እምባደርሆ 401.7፡ ሃዘጋ 390.0፡ ሰረጀቓ 325.9፡ ኣፍደዩ 318.2 ሚሊ. ሜተር ዝናብ ካብ 11 ክሳዕ 19 መዓልታት ዝናብ ዘመዝገባ እየን። ኣብ ሓደ መዓልቲ እቲ ዝለዓለ ዝተመዝገበ ዝናብ 74.7 ሚሊ. ሜተር እዩ። ዝተሓተ ዝናብ ዘመዝገባ ነቝጣታት ድማ፡ ክትመውሊዕ 160.0፡



ኣቶ ተኽስተ ወልደገብርኤል

ዓዲ ሓወሻ 147.1፡ መርሓኖ 120.5፡ ወኪ-ዱባ 115.7፡ ዓዲ-ጸናፍ 92.0 ካብ 7 ክሳዕ 12 መዓልታት ዝናብ ተመዝጊቡ። እዚ ኣብ ወርሒ ክረኽቦ ዘለዎ ዝናብ ረኺቡ እዩ። ኣብዚ ዝበዝሐ ምሉእ መዓልቲ ደበና ዝዓብለሎ ካፋ ዝናብ እዩ ዝዘነበ ኔሩ።

ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ብመጠን ኣብዚ ወቕቲ ክረኽቦ ዝግብኦ ዝናብ ብርቱዕ ዝናብ ከም ዝነበረ እዩ ሓቢሬታ ዘሎና፡ ብፍላይ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ናይዚ ዞባ ዝሓሸ እዩ ኔሩ። ምስ ዝሓለፈ ሸዱሽተ ዓመታት ክነጻጽር ከሎና፡ ከም ናይ ሎሚ ዓመት ብዝሒ ዝናብ ረኺቡ ኣይፈልጥን እዩ። እተን ዝለዓላ ዝናብ ዘመዝገባ ነቝጣታት፡ ናቕፋ 274.0፡ ባቐላ 223.0፡ ፍልፍል 156.0፡ ባጽዕ 141.0፡ ጊንዳዕ 318.2 ሚሊ. ሜተር ዝናብ ካብ 11 ክሳዕ 16 መዓልታት ዝናብ ዘመዝገባ እየን። ኣብ ሓደ መዓልቲ እቲ ዝለዓለ ዝተመዝገበ ዝናብ 74.0 ሚሊ. ሜተር ከም ዝነበረ ይፍለጥ። ዝተሓተ ዝናብ ዘመዝገባ ነቝጣታት ድማ፡ ማሂመት 64.0፡ ገልዓሎ 39.9፡ ሓሰመት 37.9፡ ግራት 31.5፡ ጋዱም ሓሊብ 25.0 ካብ ሓደ ክሳዕ ሰለስተ መዓልታት ዝናብ ተመዝጊቡ።

ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ሓፈሻዊ ካብተን ዘለዋና ኣርባዕተ ነቝጣታት ዝተኣከበ ሓበሬታ ዝለዓለ ዝናብ ዘመዝገባ ኣይቶስ 130.0፡ ኣዮሚን 65.0፡ ኢ.ግሮሊ 65.0፡ ጠያ 61.0 እየን። ካብ ክልተ ክሳዕ ኣርባዕተ መዓልታት ዝናብ ዝተዘርገሐ እዩ ኔሩ፡ ዝለዓለ ናይ ሓደ መዓልቲ ዝተመዝገበ ዝናብ ድማ 40 ሚሊ. ሜተር ይበጽሕ።

*** ብሓፈሻኹ ወርሒ ነሓሰ ዝነበረ ዝናብ ከመይ ይግምገም?**

- ወርሒ ነሓሰ፡ ሸፈነ ዝናብ ኣብ ኵለን ዞባታት ሃገርና እዩ ኔሩ። ኣጠቓሊልካ ክርአ እንክሎ ልዕሊ ንቡር 73 ሚእታዊት፡ ንቡር 19 ሚእታዊት ትሕቲ ንቡር ድማ 9 ሚእታዊት ተመዝጊቡ ኣሎ። ናይ ሎሚ ዓመት ዝናብ ወርሒ ነሓሰ ብሓፈሻ ልዕሊ ንቡር ዝኾነ ዝናብ ዚዘነበ ኢልና ክንገምግሞ ንኽእል።

*** ካብ ወርሒ ሰነ ክሳዕ ወርሒ ነሓሰ ኣብ ዝነበረ እዋን እተን ዝለዓለ መጠን ዝናብ ዘመዝገባ ነቝጣታት ኣየናት እየን ነይረን?**

- ክረምቲ ኢልና እንጽውዖ ሰነ ጀሚሩ መስከረም እዩ ዝውድእ። ኣብዚ ዝሓለፈ ሰለስተ ወርሒ ካብ ሰነ ክሳዕ ነሓሰ፡ እተን ሓሙሽተ ዝለዓለ መጠን ዝናብ ዘመዝገባ ሕርኩኽ 953.0፡ መንደፈራ 913.6፡ ዳስ 831.0፡ ባረንቱ 754.6፡ ዓዲ-ኳላ 693.4 ሚሊ. ሜተር ዝናብ ከመዝግባ ከለዋ፡ ብዝሒ መዓልታት ዝናብ ከኣ ካብ 20 ክሳዕ 57 ኔሩ። ዝለዓለ ኣብ ሓደ መዓልቲ ዝተመዝገበ ዝናብ ድማ 149.0 ሚሊ. ሜተር ኣብ ነቝጣ ዳስ (ዞባ ጋሽ- ባርካ) ኔሩ።

ሓፈሻዊ ዝናብ ክራማት ክግምገም እንከሎ ልዕሊ ንቡር 64 ሚእታዊት፡ ንቡር 26 ሚእታዊት ትሕቲ ንቡር ድማ 10 ሚእታዊት እዩ ኔሩ። ካብዚ ክረምቲ ልዕሊ ንቡር ዝኾነ ዝናብ ከም እተመዝገበ የረድኣና።

*** ብደረጃ ሃገርከ ክንደይ ዝኣኽላ ነቝጣታት መዐቀኒ ዝናብ ኣለዋና?**

- እዚ ሓበሬታ ኣብ ኵለን ዞባታት ሃገርና ተዘርጊሔን ዘለዋ 139 ነቝጣታት ኢና ብመገዲ ወኪላት ኣሃዱ ሜትሮሎጂ እንእክቦ። ኣባና ማእከላይ ቦታ ምስ መጸ ድማ ተወሃሂዱ ይግምገም።

*** ናይ ወርሒ መስከረም ትንበያኸ ከመይ ይመስል?**

- ወርሒ መስከረም ኣብ ውሱን ከባቢታት ልዕሊ ንቡር ዝናብ ናይ ምርካብ ተኽእሎ 40 ሚእታዊት እዩ ዘሎ፡ ብፍላይ ከኣ ሰሜናዊ ምዕራብን ከባቢታት ማእከልን። ኵሉ ግዜ ግምት ከነእትዎ ዘሎና መስከረም ናይ መወዳእታ ወርሒ ክረምቲ ከም ምዃኑ መጠን፡ ከም ናይ ነሓሰ ዝነበረ ዝናብ ክንጽበ ኣይግባእን።

*** እዚ ዘይንቡር ዓይነት ዝናብ ኪጋጥም ዝኽእል ካብ ምንታይ እዩ?**


- ኣብ ሰላማዊ ውቅያኖስ ልዕሊ 15 ወርሓት ተርእዮ ኤልኒኖ እንተ ኣሎ ኣባና ዝናብ ናይ ምብዛሕ ባህሪ ኣሎዎ። እዚ ካብ ናይ 50 ዓመታት ዝተኣከበ ሓበሬታ ምርኩስ ብምግባር ኢና ንገልጾ ዘሎና። እዚ ተርእዮ እዚ ኣብ ሸውዓተ ዓመት ምስ ኵነታት ምቅይያር ኣየር ሓንሳእ እዩ ዘጋጥም። ኣብ ሰላማዊ ውቅያኖስ ንዕ15 ኣዋርሕ ዝኣክል ስለ ዝተራእየ ኣባና ዝሓሸ ዝናብ ክርከብ ተኻኢሉ። ንዝመጽእ ነዚ ኩነት ጽቡቕ ጌርካ ምክትታልን ምድላዋትካ ኣጸፊፍካ ከመይ ጌርካ እቶት ከተኻዕብት ከም ዘለካ ምዕዛብን ከም ዘድሊ የርእየካ።

*** ኣብ መወዳእታ ከተመሓላልፎ እትደሊ መልእኽቲ**

- ህሉው ትንበያ ኵነታት ዝናብ ኣብ ወርሒ መስከረም'ውን ኣብ ውሱን ከባቢታት ናይ ምሕያል ተኽእሎ ከምዘሎ ኢዩ ዝሕብረና። ንኹሉ እንተተታት ኣብ ግምት ኣእቲኻ ማለት ማይ ኣብ ዘውሕደሉ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ኣብ ግራውቲ ምዝውታር፡ ማይ ምስ ዝበዝሐ ድማ ካብ ግራውቲ ምፍላይ፡ እቶት ንምኽዕባት ግራውቲ ብግቡእ ምክትታል፡ ጻህያይ ምእላይ፡ ህላው ባልዓትን ሕማማትን ምክትታልን ምሕባር፡ ሳዕሪ ዓጺድካ ምዅዛን ከምኡ'ውን ውሕጅ ከስዕቦ ዝኽእል ሓደጋ ንምንካይ፡ ሓረስቶትን ጓሶትን ንብረት ልምዓት መሰናዊ ኣብ ግራውቲ፡ ጥሪት ድማ ኣብ ሩባታት ከሕድሩ ከምዘይብሎም ጥንቃቐ ክገብሩ ይግባእ። ብተወሳኺ ካብ ሓደጋ በርቂ ንምኽልካል ኣብ ትሕቲ ገረብ ዘይምጽላል።

*** የቐንየልና ኣቶ ተኽስተ ወልደገብርኤል**

***



ትንበያ ዝናብ ወርሒ መስከረም 2024

# ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኵሉ!

ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር ዝዳሎ ዓምዲ - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሉ ጨ/ህዝባዊ ርክባት- ቁ.ስልኪ 182225/ 07182662/ 07193674 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

# ስነ-ቁጠባ

## ዳግመ-ምህዞ ልምዓት ኣፍሪቃ

10ይ ክፋል
ኖርያም የሃንስ
ሚኒስትሪ ፋይናንስን ሃገራዊ ልምዓትን

*“ዳግመ-ምህዞ ልምዓት ኣፍሪቃ - ምትእስሳር ምስ ሞዴል ልምዓት ኮርያ” (Re-inventing Africa’s Development –Linking Africa to the Korean Development Model) ዘርእስታ መጽሓፍ ብጅንግ ዱኢ ፓርክ ዝተባህለ ኮርያዊ ዲፕሎማት ዝተዳሕፈት ኮይና፣ ሓድሒ መግዛእቲን ሕሰም ኣፍሪቃን፣ ማሰረታዊ ጠንቂ ድሕረት ኣፍሪቃ፣ ዝተረስዐ ተልእኾ ምህናጽ ሃገር፣ ምንዳይ ዝጠፍኡ መላግቦታት ልምዓትን ትምህርትን፣ ተማክሮ ልምዓት ኮርያ ዝብሉ ኣርእስተ ሓሳባት እትትንትን ኢያ።*

***

**ስምዒት ሃገርነትን ሃገራዊ መንነትን**

ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፍና ምህናጽ ሃገር ምስ ስምዒት ሃገርነት ወይ ሓርበኛነት ብኸመይ ከምዝተኣሳሰር ገሊጽና ነይርና። እዚ ማለት ግን ንመራሕቲ ዝምልከት ጥራይ ኣይኮነን፡ እንታይ ደኣ እዚ ሃገርነት ወይ ሓርበኛነት ብሓፈሻ ዝድገፍን ዝምራሕን ክኸውን ኣለዎ። ሓፈሻ ህዝቢ ተሳታፊ እንተዘይኮይኑ ብመሰረቱ ንምህናጽ ሃገር ዝደፍእ ሓይሊ የብልናን። ኣብ ኣልኦት ብዙሓት ሃገራት ምህናጽ ሃገር በቲ ልሙድ ኣገባብ ዘይኮነ ብናይ ሓፈሻ ወፍሪ ወይ ምንቅስቓስ`ዩ (movement) ክዕወት ክኢሉ። ምህናጽ ሃገር ብዘይ ናይ ህዝቢ ተሳትፎ ሕልሚ እዩ ክኸውን ዝኽእል።

ስለምንታይ`ዩ ኣብ ትሕተ-ሰሃራ ሃገራት ኣፍሪቃ ገና ምህናጽ ሃገር ኣብ ግብሪ ዘይወዓለ? ስለምንታይ ድኸመት ሃገርነት ኣብ ኣፍሪቃ ንዊሕ ክቕጽል ክኢሉ? ዝብል ሕቶ ክለዓል ባህርያዊ እዩ። ብዙሕ ካብቲ ምኽንያታት ወጽኢት፡ ሳዕቤን ወይ ሓድጊ መግዛእትን ድሕሪኡ ዝነበረ ኩነታት ድሕረ-መግዛእትን ዘመንጨዎ እዩ። ከም ልሙድ ኣብ መላእ ዓለም ዘለዋ ሓደስቲ ሃገራት፡ ስምዒት ሃገርነትን ሃገራዊ መንነትን ኣብ ነዊሕ ታሪኸን ወይ ድማ ኣብ ቃልሲ ንናጽነተን ዘማዕበልኦ እዩ። ሓደ ሓደ ክኢላታት ከምዝገልጽዎ ናጽነት ናይ ዝበዝሓ ሃገራት ትሕተ-ሰሃራ ኣፍሪቃ ከም ናይ ካልኦት ሃገራት ብተቓውሞን ቃልስን ህዝብታት ዝመጸ ኣይኮነን። ዝበዝሓ ብዘይ ቃልሲ ናጽነት ክጭንጸፉ ዕድል ዝረኸበ ኮይኑ፡ ኑቲ ናይ መግዛእቲ መሓውራት ከምዝለዎ ተረኺበን ዝቐጸላ እየን። ስለዚ እቲ ናጽነት ብበቢድ ቃልሲ ስለዘይመጸ ወጽኢቱ ድኹም ስምዒት ሃገርነትን ሓርበኛነትን ኮይኑ ክንረክብ ንኽእል። እቲ ዘይምስናይ ኣብ መንጎ ናይ ናጽነት ፈንጠዝያን ድሒሩ ዝመጸ ክውነትን ትሕተ ሰሃራ ኣፍሪቃ፡ ገና ኣብ ዕስራን ሓደን ክፍለ ዘመን እውን እንትርኾ ብድራማዊ መልክዕ ኣብ ደቡብ ሱዳን ተደጊሙ። ደቡብ ሱዳን ናጻ ምስ ኮነት ኣብ ዓሚቝን ቀጻልን ወተሃደራዊ ግርጭትን ዕግርግርን ክትሽመም ግዜ ኣይወሰደላን።

ስምዒት ሃገርነት ክህሉ እንክሎ ከም ሃገር ሓብራዊ ስምዒት ወይ ብሓባር ናይ ምንባር ስምዒት ምህላው እዩ። እዚ ስምዒት’ዚ ወሳኒ ክፋል ሂወት ናይቲ ህዝቢ ብምዃን ኣብ ዕለታዊ ህይወቱን መትባብሮኡን ፍሉይ ትርጉምን ክብርን ዝህቦ እዩ። እቲ ህዝቢ ከምኡ ዓይነት ስምዒት ክህልዎ እንከሎ ድማ ቀንዲ መሰረት ምህናጽ ሃገርን ሃገራዊ ልምዓትን እዩ። ኣብ ኣፍሪቃ ግን እዚ ስምዒት’ዚ ብርኡይ ድኹም እዩ ጥራይ ዘይኮነ ብዙሕ ግዜ ብጌጋ ዝትርጎም ወይ ብዕላማ ደይ መደይ ኢልካ ከምዝዘንብዕ ክግበር እዩ ጸኒሑ።

ብዙሓት እዚ ክውንነት’ዚ “ሓድጊ መግዛእቲ’ዩ” ኢሎም ክወቕሱ ይሰምዑ። ኣብ ግምት ክእትዎ ዘለና ግን ካብኡ ዕቱብ ብዝበለ ‘ሓድጊ ናይ ኣፍሪቃውያን መራሕቲ ጌጋ’ እዩ። ኑቲ ቀዳማይ ወቐሳ ብዘዕባ ቀንዲ ሎሚ ክውንነት ኣፍሪቃ ኮይኑ ዘሎ ዳሕረዋይ ሰቕ ምባል መንታዊ ኣይኮነን፤እቲ ቅድሚ ነዊሕ እዋን ኣብ ግዜ ናጽነት ክተርር ዝነበሮ ስምዒት ሃገርነትን ሓርበኛነትን፡ ኣብዚ ሎሚ እዋን፡ ብደረጃ ዓለም ስለበራላውነት ሓድሕዳዊ ተመርኳስነትን ጥርዚ በጺሑ ኣብ ዘሎ እዋን ከመይ ኢሉ ክህሉ ይኽእል። እዚ ሃገራት ትሕተ-ሰሃራ ናብ ዝቐጸለ ደረጃ ልምዓት ክሰግራ ዝለወን ተወፋይነትን ድልውነትን ብሓቂ ዝፍትን’ዩ ኣሎ እኣምን። እቲ መልሲ ግን ከቢድ ኣይመስለንን። ዝያዳ ከቢድ እናኾነ ቅድሚ ብምኻዱ ሕጂ ብምልእ ሕልና ጸዕሪ ምግባር እዩ - እቲ ፍታሕ።

**ኩነት ኣእምሮ ልምዓት**

ሕጂ ናብቲ ወሳኒ ክፋል ዘተ ልምዓት ክንሰግር። ኩነት ኣእምሮ ልምዓት ዝብል ኣርእስቲ። ኩሉ ዜጋ ናይ ሃገራት ኣፍሪቃ ሃገሩ ክትምዕብል ዘይደሊ የለን። ይኹን’ምበር እቶም ብልቦም ተረዲኦምዎ እንታይ’ዩ ልምዓት፡ እንታይ’ከ ክግበር ይኽእል ኢሎም ብዕምቈት ዝሓስቡ ብዙሓት ኣይመስሉን። እዚ ምናልባት ብሰንኪ ብዙሓት ምኽንያታት ክኸውን ይኽእል’ዩ። ብኣረኣእያይ ግና እቲ መሰረታዊ ጉዳይ ዘሎ ጭቡጥ ናይ ልምዓት ዝብሎ ‘ኩነት ኣእምሮ ልምዓት’ እዩ።

ኩነት ኣእምሮ ልምዓት? እንብሎ ዘለና ግን እንታይ እዩ? ኩነት-ኣእምሮ ልምዓት፡ ሓደ ስራሕ ንምፍጻም ዝድርኽን ዝምችእን ባህሊ ወይ ወኒ ማለት እዩ። ኣብ ክሊ “ባህሊ ስራሕ” ከኣ ይምደብ። ሓንቲ ሃገር ‘ብምልእታ’ ከም ሓንቲ ስድራ ብኣባላታ’ያ ትቕወም። እቶም ወልቀሰባት፡ እቶም ዝተፈላለዩ ክፋላትን ኣካላትን ሕብረተሰብ ኣባላት ኮይኖም፡ ሃገራዊ ልምዓት ድምር ተግባራቶም እዩ። ርእይቶይ ኑቲ ኣብ ሃገራዊ ልምዓት ቀንዲን ኣገዳስን ሰብኣዊ ረቛሒ ወይ ሰብኣዊ ተግባራት እዩ ንዝብል ምርኩስ ዝገበረ እዩ። ምኽንያቱ ፍሪያዊ ልምዓት ኣብ ‘ምውናን’ ከገራዊ ጸጋታት ዘይኮነ ኣብ ‘ምትግባር’ ወይ ‘ስጉምቲ ምውሳድ’ ዝሰረተ ብምዃኑ።

ካብዚ ብምብጋስ ናይ ልምዓት ኩነት-ኣእምሮ እንታይ ዝሓቖፈ’ዩ? ኢልና ክንሓትት ንኽእል። ዝ ሕቶ’ዚ መልሲ ንምንዳይ ኣብ ዝገበርክዎ ጻዕሪ ብሓፈሻ ሰባት ዕላምኦም ብዩወት ንምጭባጥ እንታይ ዓይነት መሰርሕ ወይ ዑደት ይሓልፉ ወይ እንታይ ረቛሒታት ምስ ዘመልኡ ኮን ይኸዱ ኢለ ሓሰብኩ። እቲ ዝበጽሕክዎ መደምደምታ ኣብዞም ዝስዕቡ ይጠቓለል፡ (1) ፍልጠት/ ኣፍልጦ፡ (2) ተግባር፡ (3) ዋንነት፡ (4) ተማስጦ/ሓያል ስምዒት(ተወፋይነት)። ቅደም ተኸተል ናይዞም ረቛሒታት ወይ መሰርሓት ኩሉ ግዜ በዚ ዝተጠቕሰ መስርዕ ኣየጋጥምን ይኸውን ክፋላት ይኽእል እዩ። እዞም ባእታታት’ዚኦም ሓድሕዶም ናይ ምውሳእ ዝንባለ ኣለዎም። እዞም ምስ ሃገራዊ ልምዓት ዝቃደዉ ባእታታት ከም ‘ስጉሚ’ ወይ ‘መድረኽ’ ክንወስዶም ንኽእል ኢና።

እቲ ቀዳማይ፡ ዝኾነ ሰብ ክገብሮም ዘለዎ ነገራት እንታይ’የም ብኸመይ የስርሖም ምፍላጥ እዩ። ይኹን’ምበር ፍልጠት ንባዕሉ ኣብ ግብሪ ክውዕል እንተዘይክኢሉ ሓጋዚ ኣይኮነን። ምፍላጥን ኣብ ግብሪ ምውዓልን ክልተ ኣዝዮም ዝተፈላለዩ ምኻኖም ዝገልጽ ዘረባታት ኣለዉ። ትግባረ ማለት ክንጽ ምፍላጥ እንታይ ክግበር ኣለዎ ናይ ብሓቂ ተረዲእካ ስጉምቲ ምውሳድ እዩ። እቲ ቀጺሉ ዝመጽእ ስጉምቲ ዋንነት እዩ። እዚ ማለት ውልቀ ዜጋታት ንባዕሎም ኣብ ንጡፍ ዘሎ ስርሖም ብሓላፍነታዊ ኣገባብ ‘ሓላፍነት ክወስዱ’ ኣለዎም ማለት እዩ። እቲ ናይ መውዳእታ ረቛሒ ድማ ተማስጦ እዩ። እዚ ማለት ውልቀ ዜጋታት ኣብ ስርሖም ሓቀኛ ተወፋይነትን ሞራልን ክርእዩ ከለዉ ማለት እዩ። እዚ ናይ ብሓቂ ንሰቦት ብሉጻት ንክኾኑን ጥርዚ ናይ ስርሖም ክበጽሑ ዝድርኾን እዩ።

እዚ ኣገባብ’ዚ ንኩሉ ሰብ ኣብ ኩሉ ምንቅስቓስ ሂወቱ፡ ኣብ ዝኾነ ጸፍሒ ይሃሉ ዘገልግል እዩ– ሃገራውያን መራሕቲ፡ ፖለቲከኛታት፡ በርክራትን ሰራሕተኛታት መንግስትን፡ ሓለፍቲ ዋኒናትን ሰብ ዋኒንን፡ ሽቃሎ፡ ሓረስቶት፡ ተማሃሮ፡ ክኢላታት፡ ተኸፈሽናትን ኣካዳሚያ... ወዘተ። ‘ምፍላጥ’ ፍልጠት ምድላብ ወይ ክኢላ ምዃን ሓደ ኣገዳሲን ፋልማይን ስጉምቲ እዩ። ሓደ ሰብ ብባህርያዊ መስርሕ፡ ብብዙሓት መልክዖት መጽናዕትን ስልጠናን ይመሃር። ብዙሓት ኣብ ላዕለዎትን ማእከሎት ደርብታት ዝርከቡ ሰባት ብሶላ ህንጥይኑቶምን ብኣጋኡ ንላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ስለዝቃልዑን ቀጻሊ ምስ ዓለም ስለዝራኸቡን እቲ ጉዳይ እንታይን ንቀጻሊ ብኸመይ ክትሓዝ ኣለዎ ዝብል ጽቡቕ “ኣፍልጦ” ክህልዎም ይኽእል። ከም ሓቂ ብዝተወደበ መልክዑ፡ ንገዛእ ርእሶም ብናይ ምግላጽ ክእለቶም ንብዙሓት ወጻእተኛታት በጺሕቲ መሰጦቲ እዮም። እዞም ኣብቲ ናይ ልሂቃን ዓንኬል ዝርከቡ ሰባት፡ ደረጃ ፍልጠቶምን መግለጺኦምን ናይ ቀዳማይ ዓለም ደረጃ ዘለዎ ክኸውን ይኽእል። እቲ ፍልጠቶም ኣዝዩ ኣገዳሲ’ዩ ግና መእተዊ ክፋል ጥራይ’ዩ። በቲ ‘ቀንዲ ትሕዝቶ ወይ ኣካል’ ግብራውነት፡ ዋንነትን ተወፋይነትን ግን ክሱ ኣለዎ።

‘ፍልጠት’፡ ብዘየገ ይኹን መግዶ ወህብ ኣይኮነን፡ ብፍላይ ኣብ ተራ ሰባት ከም መንእሰያትን ነርቲ ገጠርን ዝኣመሰሉ ብቐሊሉ ዝጥረ ኣይኮነን። እቲ ሓደ ክትርእዮ ዘተባብዕ ኣብ ብዙሕ ክፋል ናይ ኣፍሪቃ እንተዋሓደ ተማሃሮ ድሌትን ህንጡይነትን ኣብ ትምህርቲ ኣለዎም። ሓቂ’ዩ ኣብ መንጎ ገጠርን ከተማን ኣብ ዓይነት ትምህርቲ ዓቢ ፍልልይ ኣሎ። ኣብ ገጠራት ብዙሕ ናይ መምህራን ብኩራት ኣሎ፣ ትሕዝቶ ትምህርቲ ወይ ፍልጠት’ውን ምስቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ክውንነት ብዙሕ ተዛማዲነት ከይህልዎ ይኽእል ይኸውን።

**ይቕጽል**







### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| | |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 06:05 | ኤሮብክስ |
| 09:40 | ሃለው ቀልዑ |
| 10:15 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ለስ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:55 | ጨፈራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:50 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | ፍሉይ መደብ |
| 17:35 | ሳይዳ |
| 18:30 | ዳረት ቃና |
| 18:30 | ዜና ትግረ |
| 19:00 | ረብዮት |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | TECH IN-SIGHT |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | ሃገራዊ መዝሙር |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ዛይድ ተስፋይ ወልደዳዊት፡ ኣደይ ነፍ/ክብራ ባህልቢ ጸጋይ ብዕለት 25/7/2019 ብቁ/መዝ 221/2019 ዝተዋህበሉ ወህብቶ ይጽደቐለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 4/10/24 ኣብ ቤት ፍርዲ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ንግስቲ መንግስትኣብን ኣቶ የውሃንስ ኣርኣያዶምን ወኪል ወ/ሮ ንግስቲ መንግስትኣብ፡ ወድና ኤሸን የውሃንስ ኣርኣያዶም ስለዝተሰውኡ፡ ንሕና ወለዱ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ጥምቀቱ ዘርእማርያም ንብረሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ኪዳነ ንስሩ ጋብር ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣነ ኣቶ ጸጋይ ካሕሳይ ገብረጻድቕ፡ ኑቲ ብስመይ ብናይ ክፍሊ ቤ/ጽ ካዳስተር ብቑጽሪ 1BRASM010194/0 ሊብረቶ ዝተዋህበ፡ ኣብ ኣስመራ-ን/ዞባ ኣኽርያዚፕ ኮድ 1A135-ጎደና 135-23 ከቢ ገዛ ዐብል -ፕሎት "F" ፓርሰል 20 ዝርከብ፡ ኣብ 150 ት/ሜ ዝተደኮነ 4 ቀንዲ ምስ 2 ሓገዝቲ ክፍልታት ዝሓዘን ገዛይ ስለ ዝሸጥክዎ'ሞ ዋንነቱ ናብ ዓደግቲ ከተሓላልፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት-ፍርዲ ናይ መእገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓሊ ውሳኔ (ደግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት-ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀረበ ግን፡ መሰርሕ ምትሕልላፍ ስም-ዋንነት ከም ዝፍጸም ኣፍልጥ ኣለኹ፡፡

ጸጋይ ካሕሳይ ገብረጻድቕ

ኣነ ወ/ሮ ሙብራት መሓመድሳልሕ ኣደም ዝተበሃልኩ፤ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ "ኣስመራ" ዞባ "8" ምም"02" ጎደና "መ" ቁጽሪ ገዛ "19" ፕሎት "52" ፓርሰል"B" ዝርከብ ኣብ 200 ት/ሜትር ዝተደኮነ ገዛ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኮሚሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 111104 መወከሲ ቁጽሪ 101226 ከምኡ'ውን ኣብ ቤ/ጽሕፈት ምዝገባ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 43580=66983 ብስመይ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ናብ ኣቶ በረኸት ባሰልዮስ ገብረማርያም ብዕለት 23/7/2024 ስለ ዝሸጥክዎ'ሞ ናብ ስሙ ከመሓላልፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መእገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓሊ ውሳኔ (ደግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ናብ ቤት ጽሕፈት /ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡

ሙብራት መሓመድሳልሕ ኣደም

## ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ፡ ኣሕምልቲ፡
ዓዳጊ፡- ጨ/ትም/ዞባ/ጋሽ ባርካ ኣሕደርቲ ኣብያተ ትምህርቲ ጎኒ ኣቑርደት፡ ፎርቶን ከርከበትን
ኣርእስቲ ውዕሊ፡- ዓመታዊ ቀረብ መግቢ ኣሕምልቲ
ኣገባብ ፦ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)
ጨ/ትም/ዞባ/ጋሽ ባርካ ንዓመተ-ትምህርቲ 2025 ካብ ዕለት 01/01/2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2025 ናይ 10 ወርሒ ንተመሃሮ ኣሕደርቲ ኣብያተ ትምህርቲ ጎኒ ኣቑርደት፡ ፎርቶን ከርከበትን ንመግቢ ዝውዕል ኣሕምልቲ ቀረብ መግቢ ከማሓርት ስለዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም፡፡

ተማሓርቲ ዘማልእዎ ዘለዎም ዝርዝር

1. ጨ/ትም/ዞባ/ንሕጋውያን ኣቕረብቲ፡ ዋጋታት ኣሕምልቲ፡ ብዕሹግ ደብዳበ ክቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ፡ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ፡፡
3.ተማሓርቲ፡ ቅዳሕ ናይ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመተ 2023 ክሊራንስን ግብሪ ዝኸፈሉሉን የቕርቡ፡፡
4.መኽበሪ ጨረታ 50,000.00 ናቕፋ (cpo) ተሰንዩ ክቐርብ ኣለዎ፡፡
5.ብቑዓት ተማሓርቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ 50.00 ናቕፋ ዘይምለስ የትሕዙ፡፡
6. ተማሓርቲ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፡ ብቑ.ቴሌ 731216/731043 ይወከሱ፡፡
7. ጨረታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ሓደ ወርሒ ክፉት ይኸውን፡፡
8. ጨረታ፡ ኣብ ቤ/ጽ/ጨ/ትምህርቲ (ኣሃዱ ፋይናንስ) ክሳብ 02/10/2024 ሰዓት 12:00 ቅ.ቀ ክቐርብ ኣለዎ፡፡ ደንገዩ ዝቐረበ ጨረታ ይነጸግ፡፡ ጨረታ፡ ተማሓርቲ ወይ ወኪልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ቤ/ጽ/ጨ/ትም/ዞባ (ኣሃዱ ፋይናንስ) ዕለት 2/10/2024 ሰዓት 12:00 ቅ.ቀ ብግልጺ ይኽፈት፡፡
9. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምም/ንብረትን መንግስትን ብዘፍቅዶ ይፍጸም፡፡
10. ጨ/ትም/ዞባ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ክሰርዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ቤ/ጽ/ጨ/ዞባ ጋሽ ባርካ
ቁ.ቴ 731216/731043

## ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ (ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ስጋ ከብትን ካብራቶን፡ በርበረ ምስ ቀመሙ ደርሆን እንቋቑሖን፡ ጸባን ውጽኢቱን (ርግኦ፡ መዓር፡ ሞርቶደላ)
ዓዳጊ፡- ሓይሊ ኣየር
ኣርእስቲ ዕድጊ፡ ውዕል ዓመታዊ ቀረብ መግቢ
ኣገባብ ዕድጊ፡- ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)
ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ንዓመተ 2025 ካብ ወርሒ 01/2025 ክሳብ ወርሒ 12/2025 ንኣባላትን ተመሃሮን ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከማሓርት ስለዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም፡፡

1. ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ስጋ ከብትን ካብራቶን፡ በርበረ ምስ ቀመሙ፣ ደርሆን እንቋቑሖን፡ ጸባን ውጽኢቱን (ርግኦ፡ መዓር፡ ሞርቶደላ) ብዕሹግ ደብዳበ ክቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ፡ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ፡፡
3. ተማሓርቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2020 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ ዓመተ 2023 ክሊራንስ፡ መንነትን የቕርቡ፡፡
4. ተማሓርቲ፡ ተወሳኺ ሓበሬት ምስ ዝደልዩ፡ ንቤት ጽሕፈት ዕድጊ ሓ/ኣየር ብ ቁ.ቴ 155506 ወይ 155500 ይወከሱ፡፡
5. ብቑዓት ተማሓርቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 (ሓምሳ ናቕፋ) ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
6. ጨረታ፡ ኣብዚ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ዕለት 29/08/24 ሰዓት 9:30 ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ፡፡ ደንገዩ ዝቐርብ ጨረታ ይነጸግ፡፡ ጨረታ፣ ተማሓርቲት ሕጋውያን ወኪልቲ ኩሰትፍ ዝደሊ ሰብን ስ ስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ቤ/ጽሕፈት ዕድጊ ዕለት 29/9/24 ሰዓት 10:00 ብግልጺ ይኽፈት፡፡
7. ጨረታ፡ ብመኽበሪ ጨረታ (CPO) 50,000 (ሓምሳ ሽሕ ናቕፋ) ክሰነ ኣለዎ፡፡
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረትን መንግስትን ብዘፍቅዶ መሰረት ይካየድ፡፡
9. ሓ/ኣየር ኤርትራ ብምሉእ ወይ ብከፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ሓይሊ ኣየር ኤርትራ
ፖስታ ሳጹን ቁጽሪ 861 ኣስመራ ኤርትራ
ቴሌፎን 155506/155500

## ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ፡ ኣሕምልቲ፡ ቀመማት፡ እንቋቑሖን፡ በርበረ ምስ ቀመሙን ምስ ጨው መጥሓኒ ገፍሮ በርበረ
ዓዳጊ፡- ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ
ኣርእስቲ ውዕሊ፡- ዓመታዊ ቀረብ መግቢ
ኣገባብ፡- ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)
ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ ንዓመተ 2025 ካብ 01/2025 ክሳብ 12/2025 ንተመሃሮ፡ ኣለይቲ፡ ክሊኒካትን ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከማሓርት ስለዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም፡፡

ተማሓርቲ ከማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት

1. ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ፡- ዋጋታት ኣሕምልቲ፡ ቀመማት፡ እንቋቑሖን፡ ጥሑን በርበረ ምስ ቀመሙን ጨውን መጥሓኒ ገፍሮ በርበረ ብዕሹግ ደብዳበ ክቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ፡ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ፡፡
3.ተማሓርቲ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመተ 2023 ክሊራንስን ናይ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር ከም ዝተኸፈለ መረጋገጺ፡ መንነት ወረቐት የቕርቡ፡፡
4. ተማሓርቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፡ ካብ ቤት ጽሕፈት ጨንፈር ዕድጊ ማእ/ስል/ሃገ/ኣገ ቤት/ትም/ኢብራሂም ሱልጣን (ፔቴን) ኣብ ቁጽሪ ቴሌፎን 111479 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
5.ብቑዓት ተማሓርቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100 ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
6. ጨረታ፡ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ዕለት 3/10/2024 ሰዓት10:00 ቅ.ቀትሪ ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ፡፡ ደንገዩ ዝቐረበ ጨረታ ይነጸግ፡፡ ጨረታ፣ ተማሓርቲ፡ ሕጋውያን ወኪልቲ ኣብ ዝተረኽቡሉ፡ ስነስርዓት ኣከፋፍታ ጨረታ ኣብ ቤት ጽሕፈት ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ እምባጋልያኖ ዕለት3/10/2024 ሰዓት 10:00 ቅ.ቀትሪ ብግልጺ ይኽፈት፡፡
7.መኽበሪ ጨረታ ዝምለስ ንኣሕምልቲ 300.000 ናቕፋ ንጥሑን በርበረ ምስ ቀመሙን ጨውን መጥሓኒ ገፍሮ በርበረን 100,000 ናቕፋ ንእንቋቑሖ 10,000 ናቕፋ ብሲፒኦ (cpo) ክትሕዙ ይግባእ፡፡
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረትን መንግስትን ብዘፍቅዶ መሰረት ይካየድ፡፡
9 .ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ ብምሉእ ወይ ብከፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ
ቁጽሪ ቴሌፎን 111479
ኣስመራ ኤርትራ

# ምልክታት

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ምልክታ ጨረታ

ጽገና (ሰርቪስ) ኮፕየር ፕሪንተር ከምኡ'ውን ፕሮጀክተር

ኮለጅ ስነፍልጠት ማይ ኣፍሓ ኣብዚ ተጠቒሱ ዘሎ ጉዳይ ንክልተ ዓመት ኣገልግሎት ክህብ ዝኽእል ትካል ብሕጋዊ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ ጨረታ) ኣወዳዲሩ ክቖጽር ስለዝደለየ፡ ሕጋውያን ተሣረትቲ ይዕድም።

ሕጋውያን ተሣረትቲ ክማልእዎ ዘለዎም ረቛሒታት

1.ጨረታ ንኹሉም ሕጋውያን ተሣረትቲ ክፉት እዩ።

2.ቅዳሕ ናይ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን ናይ 2023 ክሊራንስ ከምኡ'ውን ቅዳሕ መንነት ወረቐት የቕርቡ።

3.ተሣረትቲ ዘይምለስ 100 ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ካብ ኮለጅ ስነፍልጠት ማይ ኣፍሓ ይወስዱ።

4. ንመኽበሪ ጨረታ ዝኸውን 30,000 (ሰላሳ ሽሕ ናቕፋ) ብC.P.O የትሕዙ።

5. ተሣረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ኣብ ኮለጅ ስነፍልጠት ማይ ኣፍሓ ኣሃዱ ዕድጊ ቁ/ገዛ 7 G12 ብምምጻእ ወይ ብ ቁ/ስልኪ 08204288/08204281 ብምድዋል ምውካስ ይከኣል።

6. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ።

7.ጨረታ፡ ካብ ዕለት 04/09/2024 ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ክሳብ ዕለት 04/10/2024 ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ን30 ተኸታተልቲ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ዕለት 4/10/2024 ሰዓት 10:30 ቅ/ቀ ተሣረቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኸብሉ ሳንዱቕ ጨረታ ኣብ ኮለጅ ስነፍልጠት ማይ ኣፍሓ መኣከቢ ኣዳራሽ (7 109) ይኽፈት።

8.ትካል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኮለጅ ስነፍልጠት ማይ ኣፍሓ

## ምልክታ ጨረታ

ውዕል ጽገናን ኣገልግሎታትን (ፕሪንተራትን ፎቶ ኮፕየራትን ውሽጣዊ መስመር ቴለፎን ቸንትራለ (PBX) SIMENS ኣብ ሕክምና ኢናኢል ዝርከብ እሳንሰር (lift)፡ ዝተፈላለየ ዓይነት ጀነሬተራት፡ ምሕጻብ መካይን (ላቫጆ)፡ ፍርጃትን ኣየር ኮንደሽነራትን፡ ሓጻቢት ክዳውንቲ ማሽን፡ ጽገና ኮምፕዩተራትን መቀያየሪኡን፡ ጽገና ዝተፈላለዩ ራድያተራታት)

ዓዳጊ፡ ሓየሊ ኣየር ኤርትራ

ኣርእስቲ ውዕል፡ ውዕል ዓመታዊ ጽገናን ኣገልግሎትን

ኣገባብ ዕድጊ፦ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)

ሓየሊ ኣየር ኤርትራ ንዓመት 2025 ንትካሉ ዝውዕል ጽገናን ኣገልግሎታትን ዝህብ ትካላት ክሣረት ስለዝደለየ፡ ንሕጋውያን ተወዳደርቲ ይዕድም።

1. ሓየሊ ኣየር ኤርትራ ንሕጋውያን ተወዳደርቲ ወሃብቲ ጽገናን ኣገልግሎታትን (ፕሪንተራትን ፎቶኮፕየራትን፡ ውሽጣዊ መስመር ቴለፎን ቸንትራለ (PBX) SIMENS ኣብ ሕክምና ኢናኢል ዝርከብ እሳንሰር (lift)፡ ዝተፈላለየ ዓይነት ጀነሬተራት፡ ምሕጻብ መካይን (ላቫጆ)፡ ፍርጃትን ኣየር ኮንደሽነራትን፡ ሓጻቢት ክዳውንቲ ማሽን፡ ጽገና ኮምፕዩተራትን መቀያየሪኡን፡ ጽገና ዝተፈላለዩ ራድያተራታት) ብዕሹግ ደብዳበ ክቐርቡ ይዕድም።

2. ጨረታ፡ ንኹሉም ሕጋውያን ተወዳደርቲ ክፉት እዩ።

3. ተሣረትቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2021 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ ዓመት 2022 ክሊራንስን መንነትን የቕርቡ።

4. ተሣረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤት ጽሕፈት ዕድጊ ሓየሊ ኣየር 155500፡ 155506 ወይ155510 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።

5. ብቑዓት ተሣረትቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ዋጋ ገንዘብ 50.00 (ሓምሳ ናቕፋ) ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።

6. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ድሕሪ 5 መዓልታት ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ሰዓት 10:00 ተሣረትቲ ሕጋውያን ወከልትን ክሳተፉ ዝደሊ ሰብን ስነስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኸቡሉ ኣብ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ዕድጊ ብግልጺ ይኽፈት።

7. ጨረታ፡ ብመኽበሪ ጨረታ( cpo) 5,000.00 (ሓሙሽተ ሽሕ) ናቕፋ ክስነ ኣለዎ።

8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ።


9. ሓየሊ ኣየር ኤርትራ ብምሉእ ወይ ብከፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሓየሊ ኣየር ኤርትራ
ፖስታ ሳጹን ቁጽሪ 861 ኣስመራ ኤርትራ
ቴሌፎን 155500/155506/155510

ኣነ ሪታ ጸጋየ ጺጋይ ዝተበሃልኩ፡ ወላዲየይ ኣቶ ጸጋየ ጺጋይ ተኪኤ ኣብ ቤ/ፍ/ዞባ ማእከል ብኣካል ቀሪበ ዕለት 19/2/2019 ብቑጽሪ 39/2019 ኣነ ካብ ወለዱ ኣፍ/ጺጋይ ተኪኤን ኣፍ/ኣምለሰት ንጉሰን ብውርሲ ዝረኸቦ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 6 ምምሕዳር 02 ጎደና ሜዳ ቁ. ገዛ 57 ቁ/ሎታ 27 ቁ/ፓርቸላ 1 ዝርከብ ካብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ዋንነት 114032 መወከሲ ቁጽሪ 113395 ዘለዎ ብጽሒቱ ብህያብ ስለ ዝሃበኒ'ሞ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝተቓልሓሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ተቓውሞ ሒዙ ናብ ክፍሊ ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስትራልን ክቐርብ እሕብር። ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ስም ዋንነት ናብ ስመይ ክመሓላለፈለይ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ሪታ ጸጋየ ጺጋይ

## ምስጋና



ብዕረፍቲ ክቡር ኣቦና ኣቶ ክብሮም ኣስፉሃ ስብሃትለኣብ ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ካብ መንበሪ ገዛና ራሳ ዘፋነኹም፡ ክሳብ ኳዜን ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ናብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻእን ቴሌፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋና ነቕርብ።

ምሉኣት ስድራ ቤት

ብስም ኣስመረት ገብራይ ተስፋይ፡ ኣብ ዓዲ/ከበቢ ጻ/ክርስትያን ብመወከሲ ቁጽሪ 427 ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 9538 ሉቀሸንን ፕሎት 36 ፓርስል B ንመንበሪ መዓላ ዝተዓደለኩዎ ምስክር ወረቐት ስለዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝበለ እንተሎ፡ ብቑጽሪ ስልኪ 07215241 ክሕብረኒ፡ እንተዘይቀሪቡ ግን ሙተካእታኡ ንዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ኣስመረት ገብራይ ተስፋይ

ብስም ሚካኤል መሓሪ ግደ ዝተመዝገበ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00031551 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ በሪኽ ጻዕዳ ክርስትያን ቁ.ገዛ -ዝርከብ ናይ ቤት መስተን በልያርዶን ትካለይ ንወ/ሮ ፍትሓዊት ሓጎስ እምባዩ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ሰምበል ጎደና ማይ ወላኹ ቁ.ገዛ -ካብ ዕለት 31/8/24 ክሳብ ዕለት 30/7/2025 ኣካርየ ስለ ዘለኹ፡ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ክምዝፈጸመሉ ኣፍልጥ።

ሚካኤል መሓሪ ግደ

ብስም ፔትሮ ቪላርዲ ፍራንቸስኮን ቪላርዲ ሉዊጂ ፍራንቸስኮን ዝተመዝገበ ገዛ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ፡ ንኡስ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ፡ ከባቢ ሓርነት ጎደና ማትኣ ቁ.ገዛ 18 ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብዕለት 18/01/2019 ብቑጽሪ መዝገብ ንብረት 1BRASM005258/0 ምስክር ምዝገባ ዋንነት ዘይንቀሳቐስ ንብረት ስለ ዝጠፍኣና፡ ረኺቡዎ ኣለኹ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ኣለኹ ዝበለ፡ ብቑጽሪ ተሌፎን 07112457 ወይ 07116463 ቀሪቡ ከረክበና ክሕብረና፣ እንተዘይሎ ግን ሙተካእታ ክወሃበና ክንሓትት ምዃንና ንሕብር።

ፔትሮ ቪላርዲ ፍራንቸስኮን

ወ/ሮ ኣስቴር ኣስመሮም ዑቕበ፡ ዝተፈቐደለን ናይ ምጽራይን ምስላጥን ንግዳዊ ትካለን "ረሓቦት ምጽራይን ምስላጥን" (REHABOT CLEARING & FORWARDING) ተባሂሉ ክጽዋዕ ስለ ዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከም እንምዝገብ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

ኣነ ኣመልካቲት፡ ኣብ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ከባቢ ሓዝሓዝ ዚፕ ኮድ 1A157 ጎደና 157-6 ቁ/ገዛ 75 መለለዪ ASD00010563 ቁጽሪ ፓርሰል ASP00009069 ኣድራሻ ካርታ 1A157/22F ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመለለዪ ቁጽሪ 1BRASA000413 ዝፍለጥ፡ ካብ ወረ/ነፍ ክፍላይ ወልዱ ቅዱሳን +5 ናብ ስም ዓደግቲ ክመሓላለፍ ስለ ዝኾነ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ ናብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ወይ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ እንተዘይምጺኡ ናብ ስም ዓደግቲ ክመሓላለፍ ምዃኑ ብትሕትና እሕብር።

ቅዱሳን ክፍላይ ወልዱ +5

# ዜና ወጻኢ


ተስፋኣለም የማነ

## ትካል ስለያ ቻይና፡ መንእሰያት ካብ ምልኩዓት ኣዋልድን ኣወዳትን ክርሕቁ የጠንቅቕ

ሚኒስትሪ ሃገራዊ ድሕንነት ቻይና፡ ቻይናውያን መንእሰያት ምስ ምልኩዓት ኣዋልድን ኣወዳትን ኣብ ዝራኸቡሉ እዋን፡ ብናይ ሓሶት ፍቕሪ ኣብ መጻወድያ ስለያ ናይ ግዳም ሓይልታት ክወድቁ ከምዝኽእሉ ብምግላጽ፡ ኩሎም መንእሰያት ጥንቃቐ ክገብሩ ኣተሓሳሰበ።

እቲ ሚኒስትሪ ዝ ሓበሬታ ብምሉእ፡ ዝብለ፡ ኣብ ሰሙናዊ ብወግዒ ናይ ማሕበራዊ መራኸቢ ‘ዊቻት’ ኣድራሻኡ ኣቢሉ ኣብ ዘርገሖ እዋናዊ ሓበሬታ እዩ።

እቲ ሚኒስትሪ ኣብ ሓበሬታኡ፡ ብፍላይ እቶም ኣገዳሲ ተኣፋፊ ወይ ስቱር ዝኾነ ሓበሬታታት ይኹን ምስጢራዊ ናይ



መጽናዕቲ መረዳእታ (ዳታ) ክረኽቡ ዝኽእሉ መንእሰያት ተመሃሮ፡ ብመልክዕን ቁንጅናን ተዓጺሎም ግዳይ ናይዚ መጻወድያ ስለያ ከይኮኑ ወትሩ ዝለዓለ ጥንቃቐ ክገብሩ መኺሩ።

ወሲኹ ድማ፡ ሓያለ ካብ'ተን ኣብ ወሽጢ ቻይና ስለያዊ ንጥፈታት ከካይዳ ዝፍትና ናይ ደገ ትካላት ስለያ፡ ኣብ ትምህርቲ ይኹን ኣብ ካልእ ኣገዳሲ ስራሕ ንዘርከቡ ቻይናውያን መንእሰያት ዒላማ ዝገብራ - ቀናጃ ደቂ-ኣንስትዮን ምልኩዓት ደቂ-ተባዕትዮን ኣዋፊረን ከምዘለዋ ገሊጹ።

ገለ ትካላት ስለያ ድማ፡ ንዝመረጽኦም ቻይናውያን ተመሃሮ ኣብ ትርፊ ግዜኦም ልዑል መጠን መሃያ ዝኽፈለሉ ዕድላት ስራሕ እናሃባ፡ ብመንገዶም ተኣፋፍቲ ስለያዊ ሓበሬታታት ክእክባ ይፍትና ምህላወን'ውን ኣረዲኡ።

ቻይና ከምዚ ዝበለ ኣጠንቃቒ ሓበሬታ ትዝርግሕ ዘሎ፡ ኣብ ክፍሉ-ሃገር ኒዮርክ ብዓልቲ-ስልጣን ዝነበረት ሊንዳ ሳን ዝተባህለት ኣመሪካዊት፡ “ብመንግስቲ ቻይና ተዓሲባ ስለያዊ ሓበሬታታት ከተመሓላልፍ ጸኒሓ” ብዝብል ክሲ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ፖሊስ ኣመሪካ ድሕሪ ምእታዋ እዩ።

ቻይና'ውን ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሰኔ፡ ናብ ትካል ስለያ ብሪጣንያ (MI-6) ተመሳሲሉ ሓበሬታታት ከሰጋግሩ ከምዝጸንሑ ንዝጠርጠረቶም ክልተ ዜጋታታ ከምዝኣሰረት ይፍለጥ።

## “ካማላ ሃሪስ እንተ ተመሪጻ፡ እስራኤል ኣይክትህሉን እያ” ዶናልድ ትራምፕ

ምክትል ፕረዚደንት ኣመሪካ ካማላ ሃሪስ፡ ኣብቲ ዝመጽእ ወርሒ ሕዳር ዝካየድ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ብምዕዋት ፕረዚደንት ኣመሪካ እንተኾይና፡ እስራኤል ከም ሃገር ኣብ ማእከላይ



ምብራቕ ህላወኣ ከብቅዕ ምዃኑ፡ ዶናልድ ትራምፕ ኣጠንቂቑ።

እቲ ፕረዚደንት ነበር ዝ መጠንቀቕታ'ዚ ዝሃቦ፡ ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ክፍሉ-ሃገር ነቫዳ ንኣይሁዳውያን ደገፍቱ መወልቱን ኣብ ዘሰመዖ መደረ እዩ።

ንሱ ኣብ መደረኡ፡ “ሃሪስ ፕረዚደንት ኣመሪካ እንተኾይና፡ ንእስራኤል ምሉእ ብምሉእ ክትጥንጥና ወይ ክትጠልማ እያ። ሽዑ ብኸሉ መኣዝን ዝርከቡ ዝተዓጥቑ ኣሸበርቲ ሓይልታት ውግእ ብምኽፋት፡ ንኹሎም ኣይሁዳውያን ካብታ ቅድስቲ መሬት ኣውጺኦም ክበርሩዎም እዮም” ክብል ተሰሚዑ።

ኣሰዒቡ ድማ፡ “እብለኩም ኣለኹ፡ ንሳ ፕረዚደንት ኣመሪካ ኩይና እንተደአ ተመሪጻ ብርግጽ ክትጥሰሙ ኢኹም። እዚ ጉዳይ'ዚ ንህዝበኹም ከተፍልጥዎ ድማ ግዴታኹም ኩይኑ እሰምዓ። ምኽንያቱ፡ ህዝቢ እስራኤል ካብ ካማላ ሃሪስ እንታይ ዕጫ ይጽበዮ ከምዘሎ ስለዘይፈልጥ” ክብል ገሊጹ።

እቲ ፕረዚደንት ነበር ብዘይካ'ዚ፡ ኣብቲ ዝካየድ ምርጫ እንተ ተዓዊቱ፡ ሽበራ ካብ ዝረኣየሉ ከበባታት ዓለም - እንተላይ ወሽመጥ ቃዛ ንዝመጹ ስደተኛታት ክኽልክል፡ ኣብ ኣመሪካ ንዝርከቡ ደገፍቲ ሓማስ ዝኾኑ ወጸኛ ከኣስር፡ ከምኡ ድማ ጸረ-ሴማውት ፕሮፖጋንዳ ንዝዝርግሓ ዩኒቨርስቲታት ኣመሪካ ዝዋበር ምወላን ዝውሃብ ክብሪን ክስርዝ ምዃኑ'ውን ቃል ኣትዩ።

ንሰልፊ ረፓብሊካውያን ወኪሉ ኣብቲ ምርጫ ከምዝዕወት ብርእሱተኣማንነት ዝገልጽ ዘሎ ዶናልድ ትራምፕ፡ ናብ ቤተ-መንግስቲ ‘ጸዕዳ ህንጻ’ ዝመጽኡ ደሞክራስያውያን ኩሉ ግዜ ንእስራኤል ዘገድዕ ፖሊሲ ከምዘኸተሉ'ዩ ብተደጋጋሚ ክገልጽ ጸኒሑ።

እዚ ይኹን'ምበር፡ ክልቲኦም ሰልፈታት በዐኦብረ ናብ ስልጣን ኣብ ዝድይቡሉ እዋን ኣብ ጉዳይ ማእከላይ ምብራቕ ዝኽተልዎ ፖሊሲ፡ ኩሉ ግዜ ንእስራኤል ከም ጸድቕ፡ ጸረ-እስራኤል ንዝኾኑ ሓይልታት ድማ ከም ሓጥያተኛታት ዝርኢ፡ ድርብ መለክዒ ዘለዎ ምዃኑ ብዙሓት ተንተንቲ ናይ'ቲ ዞባ የረድኡ።

## ብሪጣንያ፡ 650 ሚሳይላት ናብ ዩክሬን ክትልእኽ ወሲና

ብሪጣንያ፡ ሚሳይላት ዘጠቓለለ ዋጋ 300 ሚልዮን ፓውንድ ተተኩሱቲ ኣጽዋር ናብ ዩክሬን ክትልእኽ ምዃና ኣፍሊጣ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል'ታ ሃገር ትማሊ ዓርቢ ኣብ ዘርገሖ ሓበሬታ፡ እቲ ናብ ዩክሬን ዝለኣኽ መከላኸሊ-ኣየር ዝኾነ 650 ሚሳይላት ‘Martlet’ ዝተባህለ ኩይኑ፡ ዋጋኡ 162 ሚልዮን ፓውንድ ከምዝበጽሕ ሓቢሩ።

እዚ ዝገለጽ ዘሎ፡ ሓለፍቲ ምክልኻል ክልቲኣን ሃገራት ኣብ ፊሊማ ናይዚ ሰሙን'ዚ ተራኺቦም ድሕሪ ምዝርራቦም እዩ።

ብሪጣንያ፡ ኑቲ ተመጣጢዑቶ ዘላ ኣጽዋር ኣብ መውዓእታ ናይዚ ዓመት'ዚ ናብ ዩክሬን ክትልእኮ ክትጅምር ምዃና ገሊጻ ኣላ።

ሓንቲ ካብ ዝዓበየ መወልቲ ኲናት ዩክሬን ምዃና ዝነገረላ ብሪጣንያ፡ ኪያሻ ኣብ 2022 ምስ ሩስያ ናብ ግጭት ካብ እትኣቱ ንድሓር ጥራሕ፡ ዛጊት ዋጋ 8.92 ቢልዮን ዩሮ ወተሃደራዊ ደገፍ ከምዝመጣጠወትላ ጸብጻባት የመልክቱ።

ሩስያ፡ ቅድሚ ሒደት መዓልታት ብውሕዱ ህይወት 55 ወተሃደራት ኣጥፊኡ ካልኦት 328 ወተሃደራት ዘቑሰለ መጥቃዕቲ ሚሳይል ኣብ ሓደ ማእከል ወተሃደራዊ መሰልጠኒ ድሕሪ ምፍጻማ፡ ዩክሬን ተወሳኺ መከላኸሊ-ኣየር ብቕልጡፍ ክለኣኸላ ንሃገራት ምዕራብ ክትምሕጸን ምቕናያ ይፍለጥ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኦስትርያ ኣብ መንጎ ሩስያን ዩክሬንን ንዝካየድ ዘርርብ ሰላም ክተኣንግድ ድልውቲ ከምዝኾነት ኣፍሊጣ።

ቻንስለር'ታ ሃገር ካርል ነሃመር ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ዝቕጽል ዘሎ ደማዊ ኲናት ብሰላም ንኽፈርርስ ከተማ ቬና ንልኡኻት ሰላም ክልቲኣን ሃገራት ማዕጾኣ ኣርሒያ ትጸበ ከምዘላ ገሊጹ።





እቲ ቻንስለር ዝ ዝበለ፡ ቭላድሚር ፑቲን ሃገሩ ኑቲ ኲናት ብሰላም ንምዕራፍ ምስ ዩክሬን ክተዘራረብ ድልውቲ ምህላዋ ድሕሪ ምግላጹ፡ ኣብቲ ናይ ሽምግልና ማስርሕ ክሳተፉ ዝኽእላ ‘ዘይሻሪዐውያን’ ዝበለን ሓያለ ሃገራት ድሕሪ ምርቃሑን እዩ።

## ተወሳኺ

ኋሉ ንፕረዚደንት ደቡብ ኣፍሪቃ ዝነበረ ጃኮብ ዙማ፡ ንመርዓሒ ኢስዋቲኒ (ስዋዚላንድ) - ንጉስ ምስዋቲ ሳልሳይ ብምሕጻያ፡ መዘረቢ ማዕከናት ዜና ደቡብ ኣፍሪቃ ኩይና።

ብመሰረት በበሲ፡ እታ ኖምሲቦ ዙማ ዝተባህለት ጓል 21 ዓመት ጎርዞ፡ ምስቲ እኽኮ ኣብ ኣፍሪቃ ተሪፉ ዘሎ - ደረት-ኣልቦ ስልጣን ዘለዎ ንጉስ ዝሓለፈ ሰሙን'ያ ስነ-ስርዓት ሕጻ ፈጺሙ።


እቲ ወዲ 56 ዓመት ንጉስ፡ ዛጊት 15 ግዜ ተመርዕዩ ምህላዉን ምስ 11 ኣንስቲ ሓዳር ከምዘለዎን'ዩ ዝንገረሉ።

ዋላ'ኳ ገለ ማዕከናት ዜና ደ/ኣፍሪቃ ኑቲ ስነ-ስርዓት ሕጹ “ፖለቲካዊ ኪዳን ኣብ መንጎ ጃኮብ ዙማን ንጉስ ምስዋቲ ሳልሳይን” ክብላ ይገልጻኦ እንተዛለዋ፡ ኣፈኛ ናይቲ ንጉስ ግን ኑቲ ኣበሃህላ ብምንጻግ፡ መጠኑ ናይቲ ሕጻ ፍቕሪ ናይ ክልቲኦም ጥራሕ ከምዝኾነ ሓቢሩ።

“ፍቕሪ ንዕድመ ወዲ-ሰብ ክርኢ ይኸውን ክቋጻጸር ዘኽእሎ ኣዒንቲ የብሉን። ፍቕሪ ኣብ መንጎ ወዲ 100 ዓመት ሰብኣይን ጓል 18 ዓመት ጎርዞን ከይተረፈ ክፍጠር ይኽእል'ዩ” ክብል ድማ እቲ ኣፈኛ ወሲኹ ገሊጹ።

ንጉስ ምስዋቲ ሳልሳይ ካብ'ዘን 15 ኣንስቱ ዝወለዶም 45 ቈልዑ ከህልውዎ እንከለዉ፡ ካብ 2009 ክሳብ 2018 መራሒ ደ/ኣፍሪቃ ዝነበረ ወዲ 82 ዓመት ጃኮብ ዙማ ድማ፡ ካብ ሽዱሽተ ኣንስቲ ዝወለዶም ልዕሊ 20 ቈልዑ ከምዘለውዎ ይንገረሉ።

ንጉስ ምስዋቲ ሳልሳይ፡ ንመካየዲ ሓዳሩ ዓመታዊ 61 ሚልዮን ዶላር ካብ ካዝና መንግስቲ እናሰልዐ ዘብሎጭልጭ ናብራ'ኳ ዝመርሕ እንተኾነ፡ እታ ኣስታት 1.1 ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋ ሃገሩ ግን፡ ብደረጃ ዓለም ሓንቲ ካብ'ተን ዝደኸያን ዝለዓለ መጠን መልከፍቲ ኤች.ኣይ.ቪ. ኤይድስ ዝረኣየለንን ሃገራት ምዃና፡ ጸብጻባት የመልክቱ።





## ኬንያ - ኣብ ቤት-ትምህርቲ ብዘጋጠመ ባርዕ 17 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ማእከላይ ክፋል ኬንያ፡ ኣብ ሓደ ኣሕዳሪ ቤት-ትምህርቲ ብዘጋጠመ ሓደጋ ባርዕ፡ ካብ 5 ክሳብ 12 ዓመት ዝዕድሚኦም ብውሕዱ 17 ተመሃሮ ከምዝሞቱ ተገሊጹ።

በቲ ከበቢ ፍርቂ ለይቲ ኣብ ክፍሊታት መደቀሲ ተመሃሮ ዘጋጠመ ባርዕ፡ ካልኦት 14 ተመሃሮ'ውን ቈሲሎም ኣብ ሆስፒታላት ተዓቝቦም ከምዘለዉ፡ እቲ ካብታ ሃገር ዝዝርግሕ ዜና ኣመልኪቱ።

ብመሰረት እቲ ዜና፡ ብዙሓት ካብ'ቶም ኣብ ሆስፒታል ተዓቝቦም ዝርከቡ ግዳያት ኣዝዮም ህሱያት ብምዃኖም፡ ቁጽሪ ምውታት ክውስኽ ስግኣት ኣሎ።

ጠንቂ ናይ'ቲ ሓደጋ እንታይ ምዃኑ ግና ኣይተፈልጠን ዘሎ።

ብምኽንያት ዋዕላ ቻይና-ኣፍሪቃ ኣብ ቤጂንግ ዝርከብ ፕረዚደንት ዊልያም ሩቶ፡ በቲ ሓደጋ ዝተሰምዖ ሓዘን ድሕሪ ምግላጽ፡ ጠንቂ ብቕልጡፍ ክጻረ ኣዚዙ ኣሎ።

እቲ ፕረዚደንት ወሲኹ፡ “ጠንቂ ናይ'ቲ ባርዕ ዝኾኑ ወገናት ናይቲ ኩሉ ዝፀዓበ ክሳራ ሓላፍነት ክስከሙ እዮም” ክብል ኣጠንቂቑ።

እቲ ናይ መባእታ ደረጃ ኣሕዳሪ ቤት-ትምህርቲ፡ ኣብኡ ዝሓድሩ 316 ዝርከቡዎም ብጠቕላላ 824 ተመሃሮ ዘለውዎ ኩይኑ፡ ኣብ እዋን'ቲ ሓደጋ ልዕሊ 150 ተመሃሮ ኣብኡ ደቂሶም ከምዝነበሩ ይሕበር።

ኣብ ኬንያ፡ ሓደጋታት ባርዕ ልሙድ ምዃኑ ዝተፈላለዩ ጸብጻባት የመልክቱ።






| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ተስፋ | 7/09/2024 | ጎደና ዓሊቴና መረብ 716 ቁ.14 ቀሓውታ | 186839 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565


Sabur Printing Services